ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን እቶም ኣሜሪካዉያንን ብCADILLAC-ካዲላክ መኪና ካብ ቃኘዉ ናብ ማይ-ሓባርን ዓለን . . .

,,,

ዝርከብ ቦታ] ኣኼባ ተኻየደ። እዚ ኾይኑ እንከብቅዕ ግን፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ዝሓለፉ ናይ መተዓረቒ ሓሳባትን ዉሳነታትን ድሒሮም ኣብ ግብሪ ከይወዓሉ ብምትራፎም፡ ተጋ/ኢሳይያስ ኣፈወርቅን ሰዓብቱን <,,,ሕንጅግ-ጃጉ ዝበዝሐ ዉድብ> ብምባል ካብ'ቲ [ናይ ጀብሃ ዉድብ] ንምግንጻል መረጹ። እዚ ምስ ምኼን ተኣሳሲሩ ድማ፡ እቶም ዝተነጸሉ መብዛሕትኦም ኣመንቲ ክርስትና ብምንባሮም፡ ካብ'ቶም ናይ ጀብሃ ደገፍቲ ዝነበራ ሃገራት-ኣዕራብ እቲ ሓገዛቶም ንእለት ደዉ በለ።

እዚ ኩነታት እዚ ከምዘለዎ እንዳሃለመ . . .

እቶም ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝርከቦም ዝተነጸሉ ጉጅለ፡ ድሕሪ ምንጻሎም እቲ ናይ ብርጅዋነት ባህሪዩ ዘለዎ ናይ መራሕቶም ኣበሳታት ተወሲክዎ ድማ ከይተረድኦም ኣብ ህልም ዝበለ <ተደናገጽቲ ናይ ኢምፐሪያሊዝም> ኮይኖም ኩድጭ በሉ። ኮነ ድማ፧ በዓል ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን ብፊውዶ-ብርጅዋ መንግስትነት ዝምራሕ ዝነበረ "ንግስነት ሃይለስላሴ" ብምምሽጣር፡ ምስ'ቲ ንሓያሎ ዓመታት ንህዝብታት ኢትዮጵያ ክጭኩን ቀጭጭ ዘይበሎ <ናይ ኣሜሪካ-ኢምፐሪያሊዝም> ዝነበሮም ቀጥታዊ ዝምድና...፣ ርክብን...፣ ሚስጢርን...፣ ዛረት ክሳዕ እዛ እዋን እዚኣ ንህዝቢ በቲ ዝርድኦ ደረጃን ዓቑንን ኣይተገልጸሉን ዘሎ። ህዝቢ ግን እቲ ሓቂ ክፈልጥ ኣለዎ!።

ስለዝኾነ፣ ከመዮ "መን የርድእ ዝነበረ... መን ይንገር ዝቐበረ..." ዝበሃል፡ ነቲ ኣብ'ቲ እዋን እቲ

▶ብተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቅን... ኣብ ኣስመራ -ኣብ ቃኘዉ ብወተሃደራዊ መኮንናት ኣሜሪካን...◀ ዝፍተልን ዝእለምን ዝነበረ ሸርሕታትን ሚስጢራትን፡ ከምኡ'ዉን እቲ ኣነ ብቐረባ ዝነበርኩዎን ዝከታተሎ ዝነበርኩ ጉዳያትን ኣብ'ዚ ጽሑፍ እዚ ክድሕድሖ እየ።

ሃየ ሰዓቡኒ'ምበኣር...!

ከምዝፍለጥ ካብ 1946 ዓ/ም(ግእዝ) ጀሚሩ ኣሜሪካዉያን ሓበረታታት ንምእካብን ናይ'ቲ ህዝቢ ሓፈሻዊ ሳይኮሎጂካል ትሕዝቶን ዕምቆትን ምስ ረብሓታቶም ተዛሚዱ ክኸደሎም ዘኽእሎምን፡ ኣብ ኣስመራ -ኣብ ቃኘዉ- ሓደ ወተሃደራዊ መዓስከር ተኸሉ። እዚ ጥራይ ኣየዕገቦምን ከዱ ቀጸሉ ኣብ'ታ ካብ ኣስመራ ኣስታት 45 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ እትርከብ <ጉራዕ> ኣብ ዝተባህለት ቦታ እዉን ሓደ ዓቢዩ ናይ ራዳር መቆጻጸሪ መደብር ተኸሉ።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

መዓልታዊ ሓበረታታት ከስንቕዎም ንዝኽእሉ ሰባት[ደቂ-ሃገር] ንምድላል ድማ፡ ካብ'ቲ ንኣሜሪካዉያን ተባሂሉ ብነጻ-ቐረጽ ዝኣቱ ዝነበረ'ሞ ዝሸጡሉ ዝነበሩ PX ዝበሃል ደኺኹኖም እንዳሃቡን፡ ከም'ዉን TOP FIVE CLUB ኣብ ዝበሃል -ኣብ ቃኘዉ- ኣብ ዝርከብ መዘናግዒ ክበቦም፡ ብፍላዩ ነቶም ላዕለዋይ መዝነት

ዝነበሮም ደቂ-ሃገር ናብኡ እንዳምጽኡን እንዳ'ዛናግዑን፡ ከምኡ'ዉን ኩሉ ዓይነታት ኣቑሓ ካብ ሕረ-ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ብኣዚዩ ሕሱር-ዋጋ እንዳሸጡሎምን፡ ካብኡ ሓሊፎም'ዉን ክንግዱሉ ከምዝኽእሉን እንዳገበሩን ኮታ' ንዕኦም ምጥባር ስራሕና ኢሎም ብዕቱብ ተተሓሓዝዎ።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

ካልእ . . .!

ነቶም ትሕት ዝበለ መዝነት ዝነበሮም መንእሰያት ምሁራን ደቂ-ሃገር ድማ፡ በቲ <ጎልፍ-ክለብ> እንዳተባህለ ዝፍለጥ ማሕበሮምን፡ ከምኡ'ዉን በቲ -ወንዶች ወጣቶች ክርስትያናዊ ማህበር- [ወ-ወ-ክ-ማ] ዝብል ሰፊሕ ናይ መንእሰያት ማሕበርን ኣቢሎም፡ ጥብቕን ጥልቕን ዝበለ ዝምድናታት መስረቱ።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

ብተወሳኺ . . .!

ነቶም ካብ'ዚ ክበሃሉ ዝጸንሑ ማሕበራት ወጻኢ ንዝኾኑ <ነቶም ዓኺይ ክፋል ሕብረተ-ሰብ> ድማ፡ ኩሉ ምንቅስቓሳቶምን ኣጋዉላቶምን ተኽታቲሎም ንምቁጽጻር ሓደ ሜላ ኣዋደዱሎም። ንሱ ድማ እንታይ እዩ፣ ናብ'ቶም ገጠራት ‹እንስሳታት ንምህዳን› ይኽዱ ከምዘለዉ ኣምሲሎም...፡ ወይ ድማ «ምትካል ፈልስታት ኣብ ገጠራት› ዝብል ፕሮግራማት ብምድላዉ፡ ኣብ'ቲ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ናይ'ቲ ዓኺይ ሶሊኾም ንምእታዉን ጣልቃታት የእዳዋቶም ንኽስንዝሩን ምንም ኣይኣገሞምን። ብሓፈሻኡ ኣብ ሙሉእ ሃገር-ኢትዮጵያ፡ ብፍላዩ ድማ ኣብ ክፍለ-ሃገር ኤርትራ ኣዚዩ ኣዕናዊ ተራ ዘለዎም ነገራት ገይሮም እዮም።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

ይቕጽሉ . . .!

እቶም ኣሜሪካዉያን ብምቕጻል፣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ምስ ረብሓታቶም ተተሓሒዙን ተሳንዩን ክኸዱድ ከምዘለዎ ገይሮም ነቶም ጉዳያት ብምቕንባር፡ ነቲ ክብዝብዝዎ ዘኽእሎም መካኒዝም ብኣዚዩ ዝተራቐቐ መንገዲ እዮም ሃንዲሶምዎ።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

ብተወሳኺ ድማ . . .!

ብተወሳኺ'ዉን እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ንጉሳዊ <ንግስነት ሃይለስላሴ> በቶም በብእዋኑ እንዳገዘፉ ዝመጹዎ ብዝነበሩ ናይ ሚሊታሪን ናይ ሲቪልን ተቓዉሞታት ከምዝተሰነፈ ስልጥ ኢሎም ተዓዘብዎን፡ ደረም እቲ ንጉሰ-ነገስት ሓይሊ ደሊቡ ክሰርር ከምዘይክእልን ኣቑዲሞም ተረድእዎን።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

ግርም . . .!
ብኣምሳያ ናይ'ዚ እንዳሓደረ ኣብ ዕርበት ዝርከብ ዝነበረ ‹ንግስነት› ድማ፡ ንቐጻሊ ንሓያሎ ግዜያት <ኣሜን...!› ኢሉን ብኣኣቶም ተባሪኹን ክኸዱድ ዝኽእልን ናይ ብርቕዋ-ስርዓት ንምትካል፡ ነዚ መስርሕ እዚ ንምትግባሩ ናይ ንዝምልከት ጉዳይ ንምስላጥ ድማ፡ ነቶም ንዕኦም ዝሰማምዕዎም ዉልቀ-ሰባትን ሰበ-ስልጣናትን ኣብ ምንዳይ ተጸምዱ።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

ካብ'ዚ ወጻኢ . . .!
እቲ ኣብ ማእከላይ-ምብራቕ ንዘለዎም ፖለቲካዊ ጥቕምታት ንምሕላዉ፡ ብፍላዩ ድማ እቶም ጸሊም-መስከረም BLACK-SEPTEMBER ብምባል ዝፍለጡ ናይ ፍሊስጤማዉያን መዉጽእቲ-ሓራ ዉዱብ (P.L.O) ተቓዎሞታቶም ንምግላጽ፡ ኣበየ ሃገራት ኣብ ዝርከቡ ኤምባሲታት ናይ ኣሜሪካ ቦምባታት እንዳጻወዱ ተካሎም ስለዘጽገቡዎም ዝነበሩ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ኣስመራን ኣብ ጕራዕን ዘሎ ወተሃደራዊ መደብራቶም'ዉን መጥቃዕትታት ንኽይፍኑዉሎም ልዑል ስግኣት ክሓድሮም ጀመረ።

▶እቶም ኣሜሪካዉያን!።

ክቡራንን ክቡራትን ኣንበብቲ...!
እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንዳሃለወ እንከሎ እምበኣር እዩ፡ በዓል ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ'ቶም ኣሜሪካዉያን ጽዑቕ ርክባት ዝጀመሩ።

ንኺድ ንቐጽል...

ብተዛማዲ ኣብ'ዛ ህሞት እዚኣ ድማ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ <ናይ ክፍለ-ሃገር ኤርትራ ጉዳይ ንምፍታሕ> ዝብል ገዚፍ ዛዕባ ኣንቂሉ ሓያሎ ሰላማዊ ፈተነታት ንምክያድ መጠነ-ሰፊሕ መደባት ሓንጸጸ። መርኣያ ናይ'ዚ ድማ እዩ እቲ ኣብ 7 ጥቅምቲ 1962 ዓ/ም(ግእዝ) ኣብ ማእከል ኣስመራ ዓበይቲ መኪንንቲ...፣ ሽማግለታት ዓበይቲ-ዓድን...፣ ናይ ሃይማኖት መራሕትን...፣ ኣብ ዝተረኽብሉ "ናይ ክፍለ-ሃገር ኤርትራ ናይ ሰላም ጉባኤ" ብዝብል መጸዉዒ ዝፍለጥ

– ሓደ ቀዋሚ ኮሚቴን
– ፍሉዩ ኣቦ-ወንበርን

ዘለዎ ሓይሊ-ዕማም ኣዳለወ። እቲ ሕመረት ዕላማን ተግባርን ናይ'ዚ ኮሚቴ እዚ ድማ፡ ጉዳይ-ኤርትራ ናይ መጠረሽታ ግዜ መዓልቦ ንኽረክብ፡ ኣብ መንን ‹መንግስቲ

ኢትዮጵያን፡ ኣብ መንጎ ‹ተገንጸልቲ ሓይልታትን› ንዝነበረ ወተሃደራዊ ረጽሚ ንምህዳእ እንዳተንቀሳቐሰ ንምስራሕ ኮይኑ፡ ምስ ‹ተገንጸልቲ ሓይልታት› ኣብ ዝጥዕም ቦታን ግዜን ተራኺቡ ንምዝታይ ድማ ብኹሉ ሸነኻቱ ኣጻፊፁ ድሉው ኮነ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ክጥቀስ ዝጸንሐ ምኽንያት ብምግባር እምበኣር፡ ናይ’ቲ ኮሚቴ ኣቦ-ወንበር ዝነበሩ ደጀዝማች ገብረዮሃንስ ተስፋማርያም ዝፈረሙሉ ‹ናይ ሰላም ጻዉዒት ደብዳበ› ብመንገዲ ዑመር ሓንገለን ብኻልኦትን ኣቢሉ ናብ’ቶም ‹ተገንጸልቲ› ናብ’ቲ ቦታኦም ከምዝበጽሖም ተገብረ። ብወገን ‹ተገንጸልቲ›[ተጋድሎ-ሓርነት-ኤርትራ] ብቐጥታ -ካብ ሜዳ ኤርትራ ብዕለት 24/11/1969EC ዝተጻሕፈ ናይ መልሲ ደብዳበ ድማ ከም’ዚ ዝብል ነበረ።

▶«ምስ ደቐኹም ሓሳብ-ንሓሳብ ክንለዋወጥን…፣ ኢሂን-ሚሂን ክንበሃሃልን…፣ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜን ኣብ ዝመረጽኩምዎ ቦታን፡ …ብፍላዩ ክቡር ኣቦ-ወንበር! ኣብ ዝወሰንኩምዎ ቦታ ክንርከብ ከምእንኽእል ብኣኽብሮት ነረጋግጽ»◀ ዝብል እዩ።

ክቡራት ኣንበብቲ…! እዚ ደብዳቤ እዚ እምበኣር

✔ ተጋ/ ኣብርሃም ተወልደን
✔ተጋ/ ሰለሙን ወልደማርያምን

ብዝተባህሉ ኣባላት ላዕለዋይ መሪሕነት ናይ’ቶም ‹ተገንጸልቲ› ዝተኸተመ እዩ ዝነበረ። በዚ መሰረት ድማ እዩ እቲ ምስ መሪሕነት ናይ’ቶም ‹ተገንጸልቲ› ንምዝርራብ ንምልዛብን ብመሪሕነት

✔ ደጀዝማች ገብረኪዳን ተሰማ [ተጸዋዒ ናይ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ]
✔ ሌ/ኮ ገብረእግዚኣብሄር መሓረና [ናይ ክፍለ-ሃገር ኤርትራ ፖሊስ ምክትል ኮምሽነርን]
✔ተስፋንኪኤል ጆርጆ(ወዲ-ጆርጆ) [ኣማሓዳሪ ከተማ ደቀምሓረን] እዚ ኮሚቴ ኣብ ሕዳር 21/1962 ዓ/ም(ግእዝ) ተመስረተ። ንመጀመርያ ግዜ ብሕዳር 28/1962 ዓ.ምን(ግእዝ)፣ ንኻልኣይ ግዜ ድማ ብታሕሳስ 05/1962 ዓ.ምን(ግእዝ) ናብ’ቶም ‹ተገንጸልቲ› ዝርከቡሉ ቦታ ‹በረኻታት ዓላ› ብምኻድ ድማ ተኸታተልቲ ርክባት ኣካየደ።

እንተኾነ ግን…!

ብሰንኪ ናይ’ቶም ‹ተገንጸልቲ› ላዕለዋይ መሪሕነት ዝነበሩ ኣባላት፡ በቲ ድሑር ኣተሓሳስብኦምን ብናይ ስልጣን ህርፋኖምን፡ ሓድ-ሕዶም ክሳነዩ ስለዘይከኣሉ፡ ጉዳያቶም’ዉን እንተኾነ ብጥርኑፍ መልክዕ ከቕርቡ ኣይከኣሉን። ስለ’ዚ ብሰንኮም ኣይሰለጠን።

ኣብ’ዚ ክርሳዕ ዘይግብኦ ነገር…!

እዚ ኮሚቴ እዚ ርክባት ዝፈጸመ ምስ'ቶም ክርስትያን ዝበዝሑም ሓደ ወገን ናይ'ቶም ‹ተገንጸልቲ› ጥራይ እዩ ዝነበረ። ምስ'ዚ ኮሜቴ ብኣካል ቀሪቦም ዝተዘራረቡ ላዕለዋይ መሪሕነት ናይ'ቶም ‹ተገንጸልቲ› ድማ እዞም ዝስዕቡ ነበሩ . . .

✔ ተጋ/ ኣብራሃም ተወልደ
✔ ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ
✔ ተጋ/ ሰለሙን ወልደማርያም
✔ ተጋ/ ሃብተስላሰ ገብረመድህን
✔ ተጋ/ ወልደንኪኤል ሃይለ
✔ተጋ/ በራኺ ንጉሰን ካልኦትን . . .ነበሩ። እቲ ዘቕረብዎ ሓሳብ ዕሙኽ ኣቢልካ ብኽም'ዚ ክቕርብ ይከኣል . . .

[እቶም ‹ተገንጸልቲ›]

▶«,,,ንሕና ምስ'ቶም ኣስላም ተፈላሊና ኢና። ንዕኦም ክንደራዕሞም እንተኾይንና ድማ መንግስቲ[መንግስቲ ኢትዮጵያ ማለቶም እዮም] ማተሪያላዉን ሞራላዉን ሓገዝ ይሃበና»◀

[ብወገን ናይ ኢትዮጵያ እቶም ኮሚቴ]

▶«መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ዜጋታቱ ናይ ሃይማኖት ልዕልናን ፍልልዩን ክህሉን ክፈጥርን ከምዘይደልዩን ብምግላጽ፡ ...ሕቶኦም ተቐባልነት ከምዘይብሉ ብምንጋር፡ እንተኾኢሎም ኢዶም ንመንግስቲ ንምሃብ ድሉዋት ምስዝኾኑ ግን መንግስቲ ሃንጮፉይ ኢሉ ከምዝቕበሎም ብሰፊሑ መግለጺ ተዋህቦም»።◀

[እቶም ‹ተገንጸልቲ› ኣስዒቦም]

▶«,,,በሉ ቁጽሪ ብዝሕና ብርክት ዝበለ ስለዝኾነ፡ ተኣኪብናን መኺርናን ኢድና ንመንግስቲ ክሳዕ እንህብ፡ እቶም ዝተረፉ ብጾት-ኣባላትና ኣብ ሓደጋ ንዘይምዉዳቕ ክበሃል ናይ'ዚ ናይ ምርኻብና ጉዳይ ምሰናይ ሙሉእ ትሕዝቶኡ ብኣዚዩ ልዑል-ሚስጢር ክትዕቁቡልና ንምሕጸን»◀

ኢሎም ጠለቦም ኣቕረቡ። ናይ'ዚ ናይ መወዳእታ ሓሳብ-ጠለቦም ተቐባልነት ስለዝረኸበ ዝእከቡሉን ግዜን ቦታን ተወሰነ። ብድሕር'ዚ እቲ ኮሜቴ ከም'ቲ ልሙድ ኣሰራርሕኡ ሙሉእ ጸብጻቡ ንመንግስቲ [ንመንግስቲ ኢትዮጵያ] ኣቕረበ።

ክቡራንን ክቡራትን ኣንበብቲ! ኣብ'ዚ ልቢ በሉ ሕጂ . . .!

▶እቲ <,,,ጉዳይ ምርኻብና ብሚስጢር ይተዓቀበልና>◀ ኢሎም ሱባኤ ዘእተዉዎም «ሚስጢር» ግን ክዕቀብ ኣይተኻእለን።

እኳ ደኣ . . .

እቲ ምኽንያት እዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ...

▶ኣብ'ቲ እዋን እቲ፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ-ኣሜሪካን መንግስቲ-ኢትዮጵያን እቲ ‹ሚስጢራዊ ሰነዳት ምልዉዋጥ› ወይድማ <Exchange of Confidential Information> ዝብል ስምምዕ፡ ኣዚዩ ጥቡቕን ጽኑዕን ብምንባሩ፡ እቲ ኮሚቴ[ምስ'ቶም ‹ተገንጸልቲ› ዝተራኸበ] እቲ ብሚስጢር ናብ መንግስቲ-ኢትዮጵያ ዘቕረቦ ጸብጻብ ኩሉ -ብሙሉኡ- ኣብ ኢድ ሰለስተ ኣሜሪካዉያን ስለዝወደቐ እዩ ዝነበረ።◀

ካብ'ዚ ንደሓር ድማ እዮም፡ እቶም ኣሜሪካዉያን ምስ'ቲ ኣብ'ቲ ሽዑ ግዜ ተመስሪቱ ዝነበረ፡ ብእኒ በዓል ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝቕለስ በይናዊ ጉጅለ «ሰልፊ-ናጽነት» ብምባል ዝፍለጥ ጉጅለ ተራኺቦም ንምልዛብ ኣብ ተበ-ተብ ዝኣተዉ። በዚ መሰረት ንመጀመርያ ግዜ ረኺቦም ከዘራርብዎም ዝኽኣሉ ካብ ኣባላት መሪሕነት ናይ'ቶም ‹ተገንጸልቲ› ተጋ/ ሃብተስላሰ ገብረመድህን ዝተባህለ እዩ ዝነበረ። ኣብ'ቲ ምስ ተጋ/ ሃብተስላሰ ገብረመድህን ዝተገብረ ርክብ፡ ኣነ ባዕለይ[ተስፋሚካኤል ጆርጆ] እዉን ተረኺበሉ ዝነበርኩ ርክብ ኮይኑ፡ እቲ ቦታ ኣብ ኣስመራ -ኣብ ቃኘዉ እዩ። ኣብ'ቲ ዕለት እቲ ተጋ/ ሃብተስላሰ ቀጥታዊ ዝርርብ ምስ ሚስተር ሪቻርድ ኮፕላን «Mr. Richard Copeland» እዩ ገይሩ።

ክቡራት ኣንበብቲ...!
«Mr. Richard Copeland» ማለት [እቲ ኣብ ቀዳማይ-ክፋል ጽሑፈይ ዘተንባህኩልኩም፡ እቲ ‹ምትካል ኣግራብ ኣብ ኩሉ ገጠራት› ብዝብል ናይ ሲያሳ ፕሮጀክት ሃንዲሱን ጉልባብ ተጠቒሙን ምስ ቡዙሓት ደቂ-ሃገርን ካልኦትን እንዳተራኸበ ስለያዊ ስራሓቱ ብዝሰፍሐ መልክዑ ኣንዳዕ-ዲዑ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ኣሜሪካዊ እዩ]

ንኺድ ንቐጽል . . .

‹Mr. Richard Copeland› በቲ ምስ ተጋ/ ሃብተስላሰ ዝገበርዎ ናይ ሓሳብ-ንሓሳብ ምቅዱያር፡ ብቐንዱ እቶም ‹ተገንጸልቲ› ኣብ ልዕሊ ኣሜሪካዉያን ሰፍፍ ዘይብል ጽልኣትን ቂምን ከምዝነበሮምን፡ ወይ'ዉን ከምዘለዎምን እዩ ክግንዘብ ክኢሉ። ከመይ-ሲ፣ ኣብ'ቲ ዝርርብ ተጋ/ ሃብተስላሰ ከም'ዚ ክብል ብሰፊሑ እዩ ኣዘንትይሉ ዝነበረ...፡-ንኮፕላንድ።

[ተጋ/ ሃብተስላሰ]፦

▶ንስኹም ኣሜሪካዉያን...! ነቲ ኣድሓር-ሓሪ ናይ ሃጸይ-ሃይለስላሰ መንግስትነት ብምሕቓፍ፡ ብሓፈሻኡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ-ኢትዮጵያ...፣ ብፍላዩ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ-ኤርትራ...፣ እናሻዕ ንእትኣጉድዎ ናይ ጭኮና መጋርያ. . .

✔ብትሪ’ንኹንን…!
✔ኣዚና ንሓዝንን…!
✔ኣዚዩ ድማ የቑጥዓናን…◄ በሎም።

እዚ ናይ መረረ ቓላት እዚ፡ ሰተት ኢሉ ንከበሮ ኣእዛን ናይ ሚስተር ኮፕላንድ በሲዑ ምስኣተወ፡ ኣብ ኣእሙሮኡ ንእለት ሓደ-ነገር ቅጅል በሎ። ንሱ ድማ እንታይ እዩ፦ እዚ ብተጋ/ ሃብተስላሰ ክበሃል ዝጸንሐ…፡ ምስ’ቲ ኣሜሪካዉያን ኣብ’ቲ ዝደኮንዎ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣብ ቃኘዉ፣ ኣብ ጉራዕ…፣ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪን…፣ ከምኡ’ዉን ኣብ መላእ ቀርኒ-ኣፍሪቃን…፣ ዘይሳነ ምኺኑን፡ ከምኡ'ዉን ኮታ' ብዘለዎም ናይ ነዊሕ ግዜያት ፖሊስን መኽሰብን ቀጥታዊ ምትእስሳር ከምዘለዎ ብምሕሳብ፡ ኣብ ኣዚዩ ከቢድ ሓደጋ ከዉድቑም ከምዝኽእል እዩ ተሰዊጥዎ። -ንMr. Copeland እቲ መረረ ናይ ሃብተስላሰ።

እሞ ሕጂ ደኣ እንታይ ይገበር ኮነ…!

እምበኣርከስ ኣሜሪካዉያን ካብ’ዚ ቅልዉ-ላዉ እዚ ንምግ’ልጋል ‹ሚስተር ኮፕላንድ› ኣብ’ታ ካልኢት እቲኣ ቅጽበት ምስ ተጋ/ ሃብተስላሰ ሓደ ናይ መሰማምዒ ሓሳብ ክምህዝ ነበሮ።

በሎ ድማ Mr. Copeland፡ -ንተጋ/ ሃብተስላሰ . . .

►«,,,‹ሃብተስላሰ…!› ሓደ ሕቶ ክሓተካ እየ ምሰናይ ምሕጽንትኡ። ንሱ ድማ እንታይ እዩ…፣ ምስ’ቶም ላዕለዎት ኣሕሉኞ ናይ ዉድብኩም ከተራኽበና ትኽእልዶ…? ምስኦም ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ንምብጻሕ ማእታን ክከኣል ኢለ እየ…?»።◄

ተጋ/ ሃብተስላሰ ገብረመድህን ንጠለብን ምሕጽንታን ናይ ‹Mr. Copeland› ብኣዎንታ ተቐበሎ… ዎ እቲ ርክቦም ኣብ’ዚ ተዛዘመ። ብድሕር’ዚ ዝነበረ መስርሕ፡ ንተጋ/ ሃብተስላሰ ብዘይ ወዓል-ሕደር ናብ’ቲ ብጾቱ ዝርከብዎ ‹በረኻታት ዓላ› ምፍናዉ እዩ ዝነበረ። እዚ’ዉን ብዉሕሉል ጥንቓቐ ተሰንዩ ካብ መዓስከር ቃኘዉ ተፋንዩ ‹ዓላ› ከምዝርአ ተገብረ።

ክቡራት ኣንበብቲ…!

ተጋ/ ሃብተስላሰ ‹ዓላ› ድሕሪ ምብጽሑ፡ ብቐጥታ ምስ ተጋ/ ኣብራሃም ተወልደን ምስ ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን እዩ ተራኺቡ። ነቲ ምስ ‹Mr. Richard Copeland› ዝነበሮ ዉዕሎ እሪዩ-ቁጽር ኣቢሉ ኣዘንተወሎም። ተጋ/ ኢሳይያስን ተጋ/ ኣብራሃምን ንኹሉ ጸብጻባቱ ድሕሪ ምስማዕ ድማ ከም’ዚ በልዎ፦

►«,,,‹ሃብተስላሰ…!› ሕጂ ንደቀምሓረ ክትምለስ ኣሎካ፡ ተመሊስካ ድማ ምስ’ቶም ኣሜሪካዉያን ከዘራርበና ንዝኽእል -ኣጀንዳ- ምድላዉ ናትካ ዕማም ክኸዉን እዩ።

ምስ'ዚ ኣተሓሒዝካ ብምቕጻል፡ እቲ ምስኦም ክንራኸበሉ እንኽእል -ቦታን ዕለትን- ብተኸሎም» ◄በልዎ።

ግርም...! በለ ተጋ/ ሃብተስላሰ

ቅጽበት ንደቀምሓረ ተመልሰ። ንዝተዋህቦ ዕማማት ኩሉ ድሕሪ ምዝዛም...፡ ‹ንደቀምሓረ› ከም ምቹእ መራኸቢ-ቦታ መሪጹ ረቓሓሎም። ኣስዒቡ'ዉን ዕለት በተኸሎም። ብመሰረት እቲ ዝተረቕሐ ቦታን ዕለትን ድማ ‹Mr. Copeland› ንሓደ ሪቻርድ ሲወልን ዝተባህለ ብጻዩ ኣሰንዩ ከም'ዛ ነጥቢ ‹ንደቀምሓረ› ጠበሸ በለ። እቲ ብጻዩ ማለት[ሪቻርድ ሲወልን] ኣብ'ቲ ጉዕዞኦም ሓደ ዓቢ ናይ ወተሃደራዊ መሳርሒታት ኣሳእል መርኣዩ ካታሎግ [Photo Catalog] ምስኡ ተማሉኡ ድማ እዩ ዝመጸ።

ብዝኾነ...፣ ኣኼባ ተጀመረ...!

እቶም ኣሜሪካዉያን፡ ኣብ'ቲ ናይ'ቲ ዕለት እቲ ኣኼባ፡ ነቲ ንኽፈልጥዎ ዝደለዩ ቀንዲ-ጉዳይ ብኣንክሮ እዮ ዝነበረ። ንሱ ድማ፦

➤ ብመጀመርያ ደረጃ እቶም ‹ተገንጸልቲ› ወተሃደራዊ መሳርሒታት ካበይ ከምዝረኽቡን፣
➤ ነቲ ናይ ቃልሶም ዕላማታት ዝድግፉ ናይ ግዳም ሓይልታት መነ-መን ምኺኖምን ንምፍላጥን...፣ እዩ ዝነበረ።
ብመሰረት እዚ ንተጋ/ ሃብተስላሰ ብመጀመርያ ዝስዓቡሉ ሕቶ ድማ፡-

✔ እንታይ ዓይነት ክላሽንን...?
✔ካልኦት ወተሃደራዊ ተተኮስቲ መሳርሒታት ከምዝዉንኑን...?

ምስሓተትዎ፡ ሃብተስላሰ ነታ ምስኡ ዝነበረት ኣዉቶማቲክ ክላሽን-ኮቭ ካብ ዝባኑ ኣዉሪዱ ሃቦም። ነታ ክላሽን ናብ ኣስመራ -ቃኘዉ ሒዞምዋ ብምኻድ፡ በቲ መመርመሪ መሳርሒታቶም ገይሮም መርሚሮምን ስእልታት ስኢሎምን ድማ እንደገና ናብ ዋናኣ 'ናብ ተጋ/ ሃብተስላሰ' መለሱሉ።

እቶም ኣሜሪካዉያን ብምቕጻል፡ ካብ'ቲ ንኽፈልጥዎ ብሃንቀዉታ ዝጽበይዎ ነገራት፡ ማለት...

✔ እቶም መራሕቲ ‹ናይ'ቶም ተገንጸልቲ› ሓፈሻዊ መትከላቶም እንታይ እዩ...?
✔ምስ ኣባላት ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ዘለዎም ቅርሕንትን ቂምን፡ ዓቕኑን ደረጃኡን ከመይ እዩ...?

✔‹ንጉጅለ-ጀብሃ› እተን ናይ ሶሻሊስት ሃገራት ብመንገዲ ናይ ፍሊስጤም መዉጽኢ-ሓራ ዉዱብ [ብBLACK-SEPTEMBER] ብኢድ-ኣዙር ኣቢለን ሓገዛት ከምዝምጡዋሎምን ድሕሪ ምግላጽ...፣

✔«ሰልፊ-ናጽነት» ምስ ኣሜሪካ ክህልዎ ወደ ክምስርትዎ ንዝደልዮ ርክባትን ዝምድናታትን ዝገልጽ ወግዓዊ ደብዳበ፡ ናብ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን እቲ ናይ መዓስከር-ቃኘዉ ኣዛዚ ናብ ዝነበረ ‹ናብ ኮሎኔል ማሙዘር› ንኽጽሕፉን ሓተቱዎ። ተጋ/ሃብተስላሰ በቶም ኣሜሪካዉያን ንዝተባህሎ ኩሉ ብጽሞና ሰሚዑን ጸብጻቡ ኣጻፊፉ ምስ'ጠናቐቐን ድማ፡ እቲ ኣኼባ ተዛዝመ። ብድሕሪ ናይ ሃብተስላሰ ናብ ዓላ ምልሶቱ፡ ብመሰረት እቶም ኣሜሪካዉያን ‹ክትጸሓፍ ኣለዋ› ኢሎም ዝጠለቡዋ ደብዳቤ፡ ወያ' ደብዳበ በቶም ላዕለዎት መሪሕነት ናይ'ቶም ‹ተገንጸልቲ› ረቂቓን ተጻሒፉን ድማ ብመንገዲ ኣገልግሎት-ፓስጣ ከምእትላኣኽ ተገብረ።

ኣንበብቲ...!

ናይ'ታ ዝተጻሕፈት ደብዳበ ጽሚቕ ትሕዝቶ ዕሙኽ ኣቢልካ ኣብ'ዘን ዝስዕባ ነጥብታት እየን ዝጠቓለላ...፦

➤«,,,እዞም ኣብ በረኻታት ዓላ እንርከብ ተጋደልቲ፡ ‹ክርስትያናት ብምኺንና›፡ በቶም ካብ ሃገራት-ኣዕራብን ካብ ሶሻሊስት ሃገራትን ልዑል ዝኾነ ናይ ፖለቲካን ናይ ወተሃደራዊ መሳርሒታትን ሓገዝ ብኢድ-ኣዙር ይረኽቡ ብዘለዉ ‹ጉጅለ-ጀብሃ› መዓልታዉን ብቐጻልን ንቕተልን ንሕረድን ኢና ዘሎና...»

ካልእ. . .!
➤ «,,,‹ጉጅለ-ጀብሃ› ዝኽተሎ ፖለቲካዊ መምርሒታትን ፖሊሲታትን፡ ዉጹእ ዝኾነ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶ ዘለዎን፡ ምስ'ቶም ናይ ኣሜሪካን ናይ ኢስራኤልን ሕመረት ጸላእቲ ምስዝኾኑ ምስ ናይ ሃገራት-ኣዕራብ ፖሊሲ ዝዛመድን ስለዝኾነ...»
ብተወሳኺ . . .!

➤«,,,እዚ ናትና ‹ናይ ሰልፊ-ናጽነት› ሕመረት ፖለቲካውን መትከላውን ዕላማ ግን፡ ‹ገስጋሲ ዝኾነ ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ› ብምኺኑ...»

ስለዝኾነ ድማ...!!!

▶ነዞም ዝጠቐስናዮም ፖለቲካዉን መትከላውን ረቓሒታትና ምርኩስ ብምግባር፡ ‹መንግስቲ ኣሜሪካ› ነቲ ዘድልየና ወተሃደራዊ ቀረ'ብ ሙሉእ ሓገዝ ክገብረልና እዩ ዝግብኦ◀ ዝብል እዩ፡ -እቲ ናብ ላዕለዋይ በዓል-መዚ ኣሜሪካ ‹ሚስተር ማሙዘር› ብመንገዲ ኣገልግሎት-ፖስጣ ዝተላእከ -‹መልእኽተ-ደብዳበ›።

እዚ ኽም'ዚ ኢሉ እንዳሃለወ...!

እቶም ‹ተገንጸልቲ› ምስ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ደብዳበ ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎ ‹መል እኽተ-ደብዳበ› እዉን፡ ናብ'ቲ ናይ ኢትዮጵያ ቆንስላ ቤት-ጽሕፈት[በኣስመራ

ቆንስላ ጽ/ቤት፣ ምኺኑ እዩ] ጽሒፎም ነይሮም እዮም። ናይ'ቲ ‹መልእኽተ-ደብዳበ› ትሕዝቶ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ . . .

▶«,,,ኮሚኒስታዉያን ሃገራት ንእስላም ስለዝሕግዙ...፡ ንስኹም ምዕራባዉያን ድማ ንዓና ‹ንሰልፊ-ናጽነት› ክትሕግዙና ይግባእ»◀ ዝብል እዩ ዝነበረ። -ሕጽር ብዝበለ።

እዚ ደብዳበ እዚ ዝተጻሕፈ ብዕለት 05/04/1970(ፈረንጂ) ክኸዉን እንከሎ፡ እቲ ቆንስላ ቤት-ጽሕፈት ድማ፡ ነቲ ደብዳበ ተረኪቡ ብቐጥታ ናብ'ቲ ናይ ሽዑ ግዜ ናይ ኤርትራ ክፍለ-ሃገር ምክትል እንዷ-ራሴ ንዝነበሩ ንደጀዝማች ተስፋዮሃንስ በርሀ እዩ ዘረከቦ።

[ክቡራት ኣንበብቲ! ‹እንዷ-ራሴ› ማለትከ እንታይ እዩ...? ንኸይትብሉ፣ ቃል-ብቓል ትርጕሙ -መተካእታይ- ወይድማ -ኣብ ክንዳይ- ማለት ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ድማ፡ ኣብ ክንዲ እቲ ዋና' ሓላፊ ኮይኖም ይሰርሑ ወይ -ምክትል ናይ'ቲ ቀንዲ ሓላፊ- ንዝነበሩ (ናይ ደጀዝማች ተስሃዮሃንስ በርሀ መዝነት መጸዉዒ) እዩ። እቶም ቐንዲ ኣማሓዳሪ ወይ ‹እንዷ-ራሴ› ዝነበሩ ድማ ‹ኣስራተ ካሳ› እዮም ነይሮም]።

ንቐጽል . . .!

ንወያ' ደብዳበ እቶም ምክትል እንዷ-ራሴ ዝነበሩ ኣቶ ተስፋዮሃንስ በርሀ ተረኪቦምዋ ዶ'ይልና...፣ ብድሕር'ዚ መንግስቲ ኣብ ሓዷ እዋን'ዉን ብመንገዲ ሓዷ ‹ኣቶ ባይሩ ዑቈቢት› ዝተባህለ ዉልቀ-ሰብ ኣቢሉ፡ ካብ ስመን ዘይተረቈሓ ገለ-ገለ ሃገራት ተመሳሳሊ ሓገዝ ንበዓል ኣብርሃም ተወልደን ኢሳይያስ ኣፈወርቂን «ንሰልፊ ናጽነት» ተሓሲቡ ከምዝነበረን፡ ኣቶ ባይሩ ዑቈቢት ምስ'ተን ሃገራት ኣራኺቡዎም'ዉን ከምዝነበረን ተጋ/ ሃብተስላሰ ገብረመድህን ደሓር ብኢትዮጵያ ምስተማረኸ ኣብ ቃለ-መሕትቱ ኣረጋገጽዎ እዩ።

ንመለስ ናብ'ቶም ኣሜሪካዉያን . . .!

‹እቶም ኣሜሪካዉያን› ነቲ ‹ብተገንጸልቲ› ዝተላእከሎም ደብዳበ እምበረ-መጠን ብሓጎስ ተቐበልዎ። ብድሕር'ዚ እቲ ‹ናይ'ቶም ተገንጸልቲ› ቀንዲ-መራሒ ዝኾነ ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣካል መጽዩ ንኽዘራርቦም ፍቓደኛታት ኮኑን... ዎ መዓልቲ ቆጸራ ተበትከን። ነዚ ዝተባህለ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ንምስላጥ ድማ፡ ኣነ-ባዕለይ[ተስፋሚካኤል ጆርጆ] ንበረኻታት ዓላ ብምኻድ ንተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሒዘዮ ንኣስመራ ንኽመጽእ ተመዘዝኩ።

ኮነ ድማ . . .!

እታ ብመንግስቲ ዝተዋህበትኒ ላንድ-ሮቨር 'ዝዓይነታ መኪና ሒዘ ጉዕዞ ጀመርኩ፡ -ንበረኻታት ዓላ። ንደቀምሓረ ሰንጢቐ ብምሕላፍ፡ በታ ዝተባህለት ሰዓት ንእለት ኣብ ዓላ ከተፍ በልኩ። ነቲ ንጉዕዞ ድሉዉ ኮይኑ ዝጸንሓኒ ‹ንተጋ/ ኢሳይያስ

ኣፍወርቂ› ጽዒነ ድማ፡ ብሓያል ጥበብን ጥንቃቐን -ካብ ኣባላት ጸጥታ ኢትዮጵያ-ኣስሊኼ ናብ ማእከል ከርሰ-ምድሪ ኣስመራ… ብህየቱ -ኣብ ኮምቢሽታቶ- ከምዝርአ ገበርኩዎ። ኣብ ዉሽጢ ከተማ-ኣስመራ ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ዝኸዉን ምሰ'ዛወርኩዎ፡ ብኡ-ንቡኡ እቲ ናይ ቆጸራ ሰዓት ኣኽለ'ሞ ኣንፈት-መንገድና ናብ ከባቢ ቲራቮሎ ብምቐናዕ፡ ኣነ…፣ ተጋ/ ኢሳይያስን…፣ ላንድ-ሮቨርን…፣ ሰተት ኢልና ድማ ብሰላም ናብ ቀጽሪ-ቃኘዉ ኣተና።

ምምጻእ ናይ ተጋ/ ኢሳይያስ ምስተበሰረ፡ ንምናልባት ኣብ'ቲ ኽባቢ ክፍጠር ንዝኽእል ‹ናይ ጸጥታ ጉዳያት› ጥንቃቐ ንምዉሳድ ተባሂሉ፡ እቲ ናይ ዝርርብ ቦታ ኣብ መንበራ-ቤት ናይ ‹ሚስተር ቦውሊንግ› ዝተባህለ[ናይ መዓስከር-ቃኘዉ Central Intelligence Department ኣባል] ኣብ ቅዱስ-ፍራንሲስኮ (ኣብ ከባቢ ካቴድራል) ከምዝቐየር ተገብረ። ምስ ‹Mr. Richard Copeland› ሓቢሮም ሰለስተ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ነበሩ። -ኣሜሪካዉያን።

ኩሉ ነገር ተዋደደ… ዎ እቲ ዝርርብ ተጀመረ …!

ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ'ቲ ኣኼባ ነቲ ናይ መጀመርያ መድርኽ ናይ ዝርርብ ቃታ ብምስሓብ ዘንቀሎም ሰፋሒቲ ዛዕባታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ነበረ….፦

[በለ ኢሳይያስ…!]

➤ንስኹም[መንግስቲ ኣሜሪካ] ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተማሳጢርኩም፡ ነቲ ናይ መላእ ህዝቢ-ኤርትራ ድሌታት ዘየማልእ ናይ ፈደሬሽን ዉሳነ ኢኹም ኣፍቂድኩም…፣

➤እቲ ፌደራላዊ መንግስቲ ምስተመስረተ'ዉን እንተኾነ፡ ንህዝቢ-ኤርትራ ንምጥፋእን፡ ናይ ቃልሲ ምንቅስቓሳቱ ንምድምሳስን፡ እልቢ ዘይብሉ ናይ ወተሃደራዊ መሳርሒታትን ኣማኽርትን ብምሃብኩም፡ ብወገንና[ብሰልፊ ናጽነት] ተግባርኩም ዝተወገዘ እዩ…፣

➤ስለዝኾነ፣ ሃገራት-ኣዕራብ ‹ንጉጅለ-ጀብሃ› ብምድጋፍን ብምሕጋዝን ንቀይሕ-ባሕሪ ከም ግዝኣተ-ክሊ ናይ ዓረባዉያን ንምግባር ብምዉሳኖምን፡ ነቲ ብኣና “ገስጋሲ ዉድብን፡ ዴሞክራሲያዊ መንግስትን” ንምምስራት ኣብ ዝግበር ቃልሲ፡ ነቲ ዝሓለፈ ዉጉዝ ተግባራትኩም ዳግመ-ግምት ብምግባር፡ ሕጂ ንዓና ክትሕግዙ እዩ ዘለኩም።

[እቶም ኣሜሪካዉያን]

«ኤርትራ ብታሪኽ…፣ ብባህሊ…፣ ብቋንቋ…፣ ብሃይማኖትን…፣ ብደማዊ ምትእስሳርን…፣ ካብ ኢትዮጵያ ከይተነጸለት እያ ጸኒሓ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ-ዉሽጥን ናይ-ግዳምን ቅርሕንትን ጸገምን ምኽንያት ብምግባር ድማ፡ ንሕና ነቲ

ጉዳይ ንምህዳእ ክንብል ኢድና ከነእቱ ተገዲድና ኢና። ስለ'ዚ ድማ ኢና ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ናይ ፌደሬሽን ዉሳነ ክንዉስን ዝበቓዕና። እንተኾነ ግን ሕጂ፣ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ማእከላይ-መንግስቲ ተዳኺሙን ኣብ ምዕራቡን ስለዝርከብ፡ ብድሕሪኡ ንዕኡ ዝትክእ ድሉዉ ሰልፊ ድማ ስለዘየሎ፡ ብሰሪ' እዚ ድማ፡ ከም'ቲ ኣብ ካልኦት ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ዝርአ ‹ወተሃደራዊ ምምሕዳር› ክመጽእ ይኽእል እዩ ዝብል ‹ስግኣት› ጥራይ ዘይኮነ፡ ‹እምነት› እዉን እዩ ዘለና።

ስለዝኾነ...!

✔ነቲ ኣብ ቃኘዉ ዝተኸልናዮ ወተሃደራዊ መዓስከርና ንቐጻሊ ህልዉናኡ ምስ ዝቕበል...፣
✔ ብተመሳሳሊ'ዉን ምስ'ቲ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ ክንድኩኖ ሓሲብና ንዘሎና መዓስከር፡ ምሳና ተሰማሚዑ ክሰርሕ ምስዝኽእል...፣
✔ ምስ'ቲ ጸረ-ሶሻሊስት መትከል ሒዙ ደዉ ዝብልን፡ ናይ ሶሻሊስት ምስፍሕፋሕ ብትሪ' ምስዝቃወምን ...፣
✔ከምኡ'ዉን ምስ'ቲ «ንሓንቲ-ዴሞክራሲያዊት-ኤርትራ» ንምምስራት ምስዝቃለስ ሓይሊ ንምዝርራብ...፣ ንምርድዳእን...፣ ንምትሕግጋዝን...፣ ቁሩባት ኢና።

ቀጺሎም እቶም ኣሜሪካዉያን...

[ነቲ ሰልፊ-ናጽነት ምስ መንግስቲ-ኢትዮጵያ ኣብ በረኻታት ዓላ ይገብርዎ ንዝነበሩ ምዝርራባትን፡ ብተዛማዲ'ዉን ነቲ ናይ ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ኣጋዉልን ብግቡእ ስለዝተረድእዎን ስለዝፈልጥዎን...]

በልዎ ንኢሳይያስ...

«,,,ንስኹም ኣብ'ቲ ናይ ቃልሲ መጋርያ ብስቓይ ትጥበሱ ከምዘለኹም ብወግዒ እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ካብ'ቶም ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ክትንጸሉ ምኽኣልኩም እዉን ንሕና እንድግፎ ጉዳይ እዩ። እዚ ኣብ ቦታኡ እንዳሃለወ ግን፣ እቲ ናይ ፍሊስጤም መዉጽኢ-ሓራ BLACK-SEPTEMBER ዝተባህለ ዉድብ ንኤምባሲታትና ንምጥቃዕ ኣበየ-ሃገሩ ብገንዘብ ብዘስድዕዎም ደቂ-ሃገር ኣቢሎም ስለዝሰርሑ ዘለዉ፡-

✔ ናይ'ዚ ዉዱብ እዚ መጋበርያ ከምዘይትኾኑ...፣
✔ ኣብ ልዕሊ ንብረትናን ኣባላትናን ማህሰዩቲ ከምዘይተዉረዱን፡
✔ካብኡ ሓሊፍኩም'ዉን፡ ቦ'ንጻሩ ንዓኣቶም ኣብ ምክልኻል እጃምኩም ከምእተበርክቱን ቃል ምስእትኣቱዉልና፡ ማተሪያላዊ ሓገዝ ዘይንገብረልኩም ኣብነት ኣይክህሉዉን እዩ»።

ብምቕጻል ዘረባ ገዲ ኢሳይያስ እዩ ነይሩ...

«,,,ነቲ ክንሕግዘኩም ኢና እትብልዎ ዘለኹም ነገር፡ ብኣይን በቶም ናይ በረኻ ብጾተይን ሙሉእ ተቐባልነት ከምዘለዎ ሕጂ-ሕጂ ከረጋግጸልኩም ይኽእል እየ። እንተ'ቲ ብዛዕባ BLACK-SEPTEMBER ናይ ዝበሃል እትብልዎ ዘለኹም ጉዳይ ኮነ...፡ ነቲ ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣታት ንምክልኻሉ ግን፡ ካብ'ቲ ናይ ዉዱብና ዓቕሚ ንላዕሊ ምኺኑ ክነግረኩም ይደሊ»።

[ክቡራት ኣንበብቲ...! ሓንሳእ'ሞ እዚ ኣብ'ዚ ይጽናሓልና። እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንዳሃለመ እንከሎ...]

ኣብ'ቲ እዋን እቲ፡ እቶም ናይ ኤርትራ ክፍለ-ሃገር እንደ-ራሴ ዝነበሩ ‹ራእሲ ኣስራተ ካሳ› «ንሰልፊ ናጽነት» ሰለስተ ምርጫታት ሂቦምዎም ነይሮም እዮም። እዚ ማለት፦

➤ኩሎም ብሰላም ንመንግስቲ[ንመንግስቲ ኢትዮጵያ] ኢዶም ብምሃብ፡ በብቲ ዘለዎም ዓዉደ-ፍልጠት ትምህርቶም ኮነ ስርሑም ከቐጽልዎም ከምዝኽእሉ...፣

➤ኩሎም ብመንግስቲ ወተሃደራዊ ስልጠናታት ብምዉሳድ፡ ኣብ ልዕሊ ‹ጉጅለ ጀብሃ› ንዘለዎም ቅርሕንቲ ተሃኖም ንኽዉጽኡ ምስ ናይ መንግስቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ ብምኺን ሓቢሮም ክሰርሑ...፣

➤ምስ ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ምፍልላዮም ብወግዒ መግለጺ ኣዉጽዮም ብምዝርጋሕ፣ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ደራዒሞም ምድምሳሶም ብግልጺ ከረጋግጹን...፣ እዚ ምስዝገብሩ ድማ ወተሃደራዊ ሓገዛት ክህብዎም ከምዝኽእሉን...፣ ዝብሉ እዮም ዝነበሩ።

[ንመለስ ናብ'ቲ ዉዕሎ ኣሜሪካዉያንን ኢሳይያስን...]

እቶም ኣሜሪካዉያን ነዘን ኣብ ላዕሊ ክበሃላ ዝጸንሓ ኣማራጺታት ኣብ ግምት ብምእታዉ ድማ፡ ንኢሳይያስ ከም'ዚ ኽብሉ ምዕዶኦም ለገሱሉ...

«,,,ብመጀመርያ ደረጃ፡ ንስኹም ነቲ ኣልማማ ‹ብጉጅለ-ጀብሃን› ‹ብመንግስቲ-ኢትዮጵያን› ክፍነዉኩም ንዝኽእል መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕትታ ክትጻወረዎን ክትምክትዎን ዓቕሚ ኣይክህልወኩምን እዩ። ስለዝኾነ፣ ነቲ ብመንግስቲ-ኢትዮጵያ ቐሪብልኩም ዘሎ ናይ መሰማምዒ ሓሳባት ብኽፊል እዉን እንተኾነ ነቲ - ምዝርራብ- ክትደፍኡሉ ይግባእ።

ካልእ...!
ነቲ ጉዳይ መፍትሒ ክኸዉን ዝኽእል፡ ካብ'ቶም ናታትኩም መሪሕነት ዘለዉ ኣባላት ገለ-ኽፋሎም ኢዶም ሂቦም ይእተዉ'ሞ፡ እቶም ዝተረፍኩም ድማ ብናትካ መሪሕነት[ብናይ ኢሳይያስ ማለቶም እዮም] ኣብ'ቲ በረኻ ነቲ ‹ጸረ ጉጅለ-ጀብሃ› ምንቅስቓሳትኩም ኣበርቲዕኩም ተካይዱ። እዚ ክትገብሩ ምስእትኽእሉ፡ ንሕና ድማ ምስ ኣስራተ ካሳ ብምስምማዕ[የእሚንና] ተወለድቲ ኤርትራዉያን ብዝኾኑ ኣባላት -

ጥራይ- ድልዱል ዝኾነ ናይ ኮማንዶ ሓይሊ ኣዳሊና ክንልእከልኩም እሞ፡ ብኽምዚ ኣገባብ ‹ንጉጅለ-ጀብሃ› ብተደራራቢ ሓይሊ ኣብ ምጭፍላቕ ሓጋዚ ይኸውን።

ኣሜሪካዉያን ዘረብኦም ብምቕጻል...

ነቲ ኩነታት ንምቅልጣፍን፡ ነቲ ‹ናይ ጀብሃ ሓይሊ› ብኣግኡ ንምቈጻደይን፡ ከምኡ'ዉን ነቲ ካብ ሃገራት-ኣዕራብ ንዝረክብዎ ናይ ሓገዛ ቱቦ ንምዕባስን፡ ንሕና ብወገንና ነቲ ኣብ ሞንጎ ሃገራት-ኣዕራብን ኣብ መንጎ እስራኤልን ዘሎ ነቲ ናይ ማእከላይ-ምብራቕ ናይ ኩናት ምትፍናን ኣጓሃሂርናን ኣረሳሲንናን ‹እዋናዊ ኩናት› ከምዝኸፍቱ ብምግባር፡ እቶም ሃገራት-ኣዕራብ ኣብ ከባቢኦም ጥራይ ተሓጺሮም ከምዝተርኣን፡ ንኻልእ ሃገር ንምሕጋዝ ይኹን ንምቑማት ከምዘይክእሉን ገይርና ዉሽሽ ከምዘይብሉ ክንገብር ንኽእል ኢና። ብተወሳኺ ኣብ'ታ እዋን እቲኣ ኣብ ኢትዮጵያ ‹ዕልዋ-መንግስቲ› ከምዝግበርን፡ እቲ ጸኒሑ ናይ ፖለቲካ-ስልጣን ዝጭብጥ ድማ ንኤርትራ «ከም ፌደራላዊት መንግስቲ» ገይሩ ዝኣምንን - ክርስቲያናዊ ሓይሊ- ከምዝኸዉን ገይርና ክንሃንጾ ንኽእል ኢና። ብድሕር'ዚ ንሕና ብቑጥታ ምስ'ዚ -ክርስትያናዊ ጉጅለ- እዚ ኢድን-ጓንትን ምኺን እዩ ዘድልየና። ምኽንያቱ፣ እቶም ናይ ቀይሕ-ባሕሪ ጎይቶት ናይ ምኺን ሕልሞም ዝበነኖም ሃገራት-ኣዕራብ፡ ነቶም ትልኽ እትብል ትንፋስ እትህልዎም ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ንምሕጋዞም ጥራይ ዘይኮነ፡ ብወተሃደራዊ ሓይሊ'ዉን ክጽንበርዎም ኢሎም ምህቃኖም ስለዘይተርፍ፡ ዉድብኩም «ሰልፊ ናጽነት» ድማ ነቲ ኹሉ ዝዘንቦ ዳርባ-ሓጻዊንን ካልእን ንበይኑ ክጻወሮን ክምክቶን ስለዘይክእል...[ኢሎም ምስቀጸሉ]

[እቲ ብኣንክሮ ክከታተሎም ዝጸንሐ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ...]

ነቲ ኹሉ ንኣዳም-ገረሞ...! ዘብል ታክቲካውን ብልሓት ዝመልኦን መደረኦም ኣስደምም ኣቢሉዎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከም'ዚ በሎም፦

«ናይ ኤርትራ ናይ ናጽነት ሕቶ ምንም ካልእ ኣማራጺ ዘለዎ ሕቶ ስለዘይኮነ፡ ፌደሬሽን ዝበሃል ነገር ክንቅበል ከምዘይንኽእል ግልጺ እንተገበርኩልኩም እዩ እቲ ዝሓሸ። ▶ብጥርሽ ፈደሬሽን ኣይንቕበሎን ኢና◀ በሎም።

[እቶም ኣሜሪካዉያን ዘስዓቡሉ ምላሽ...]

«ስማዕ ኢሳይያስ...! ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሕቶ፡ ናይ-ግዳም ሕቶ እምበር፡ ናይ-ዉሽጢ[ናይ'ቲ ህዝቢ] ሕቶ ከምዘይኮነ ዘረጋግጹ ሓደ-ሓደ ዝበጻሕናዮም ጭብጥታት ኣለዉና። ስለዝኾነ ከም'ቲ ኣቐድም ኣቢልና ክንገልጸልካ ዝጸናሕና ነቶም ሰለስተ ነጥብታት ዝሓዘሉ ዕላማታት ንግብራዉነቶም እንተደኣ ተሰማሚዕኩም ኢና ሙሉእ-ብሙሉእ ንናይ ናጽነትኩም ሕቶ ክንድግፍ እንኽእል። ካልእ ኣብ'ዚ ክትዝንግያ ዘይግባኣካ...!

በቲ ንሕና ናባኹም እንልእኾ ዕጡቕ ናይ ኮማንዶ ሓይሊን፡ ከመዝግቦ ብዝኽእል ዓወታትን ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ኣብ ናይ ሞት ምንሳሓግ ምስኣተወ፡ ብቑጥታ እቲ ኣብ

ኢትዮጵያ ዝምስረት ሓዲሽ-መንግስቲ ንኤርትራ ብፈደረሽን ኣፍልጦ ክህብ እንከሎ፡ ንስኹም ድማ ‹ኣይንቐበሎን…!› ትብሉ። ኣብ’ዛ ህሞት እዚኣ፡ ነቶም ኣቐዲሞም ካባኻትኩም ኢዶም ዝሃቡ ብጾትኩም ኣቢልና ንሕና ክሳዕ ዓንቀሮም ኣስኒቕና ብእነቕርበሎም ወተሃደራዊ መሳርሒታትን፡ ብዝመሃርናዮም ወተሃደራዊ ስልትታትን ፍልጠት ኣካዕቢቶም ስለዝጸንሑ፡ ናባኹም ከምዝለኣኹ ክንገብር ንኽእል ኢና።

ብተወሳኺ…

ካብ’ቲ ደግዓ[ከበሳ] ናብ ቆላታት ብምዉራድ፡ ንገማግም-ባሕሪ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኩም ስለ እተእትዉዎ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ናይ ቬትናም ኩናት -ካብ ቪየት ኮንግ-ዝማረኽናዮም ናይ ሩስያ ኣጽዋራት ብመራኽብ ጽዒንና ኣምጺእና ክንህበኩም ንኽእል ኢና። እንተ ካብ’ቶም ስራሓት ናትና[ናይ ኣሜሪካ] ዝኾኑ ኣጽዋራት ካልእ ናዉትን ግን፡ ምስ’ቲ ኣብ ሃገራት ሳልሳይ-ዓለም ተተሓሒዝናዮ ዘሎና ፕሮፖጋንዳ ከሳኒ ስለዘይክእል ብጥርሽ ኣይክንህበኩምን ኢና።

ብጭቡጥ ክንገብሮ እንኽእል ነገር ግን…!

እቲ ጉዳይ ንኽቀላጠፍ፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝምስረት ሓዲሽ-መንግስቲ፡ ነቲ ንስኹም እትምስርትዎ መንግስቲ ብወግዒ ተፈላጥነት ሂቡ ክሳዕ ዝኣምነሉን ዝቕበሎን፡ ነቲ ኣበየ ግዜኡ እንህቦ ረድኤታት ወይ ሓገዛት ብመጠኑ ኣቋሪጽና ብኡኡ ኣቢልና ተጽዕኖን ጸቕጥን ከም እነሕድረሉ ክንገብር ኢና።

[እቲ ኣብ ከቢድ ወጥሪ ዝነበረ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እቲ ናይ መጠቓላሊ ሓሳቡ…]
ነቲ ኹሉ ኣፈ-ቃላቶም ብtheory ደረጃ ስምዕዕዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡▶«ሕራይ እዚኹሉስ ትብሉና’ለኹም፡ ነዚ ኹሉ ዝበልኩምዎ ተግባራዊ ከምእትገብሩልናኽ እንታይ ዉሕስነት ኣለና…?»◀

[ኣሜሪካዉያን ኣብ’ዛ ጉዳይ ብትሪ'…]

▶«ስማዕ…! ፖለቲካ ማለት ልክዕ ከም ጸወታ ቼማር እዩ፡ ስለ’ዚ ኣብ’ቲ ቼማር ኣቲኻ ተጻወት። ንስኹም ድሌትኩም ናጽነት ዶኽ'ይኮነን እዩ…?፣ ናትና ዕላማ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ቀይሕ-ባሕሪ ዘሎና ዕላማታት ‹ብዘየማትእ ምትግባር› ስለዝኾነ፡ እዚ እዩ እቲ ዉሕስነት◀።

ከም’ዚ ዓይነት ኣዚዩ ሰፊሕ ምዝርራብ ድሕሪ ምክያዱም፡ ኣብ መወዳእታ ተጋ/ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነቲ እቶም ኣሜሪካዉያን ‹ኤርትራን ኢትዮጵያን› ንዝህልወን ናይ መጻኢ ህልዉና ኣቐዲሞም እሞ ድማ ብኽም’ዚ ዓይነት ዝተራቐቐ ፖሊሲን መስርሕን ምትላሞምን ምዉጣኖም ኣዚዩ ዝተደነቐሉ ነገር ምኺኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ እንተ እቲ ብዛዕባ ናይ’ቲ ብሰፊሑ ክዛረቡሉ ዝወዓሉ ትሕዝቶ ግን፡ «,,,ምስ’ቶም ኣብ በረኻ ዘለዉ ብጾተይ መኺረን ዘትየን መልስታቱ ብቐጻሊ ክልእከልኩም እየ» ኢሉ ምስገለጸሎም፡ እቲ ዝርርብ ኣማስያኡ ተዛዘመ።

ብድሕር’ዚ …!

ካብ’ቲ ክዘራረቡሉ ዝወዓሉ ኣብ ከባቢ-ካቴድራል ዝርከብ መንበራ-ቤት ናይ ‹ሚስተር ቦውሊንግ› ወጺእና፡ ናብ’ቲ ኣብ መንበራ-ቤት ናይ ‹ሚስተር ኮፕላንድ› ዝጽበየና ዝነበረ ናይ ድራር እንግዶት ኢና ኣምሪሕና። መዳቐሶና እዉን ኣብኡ እዩ ዝነበረ፣ -ኣብ ቃኘው።

ንጽባሒቱ ዘሎ መደብ…!

ንጽባሒቱ ዝነበረና መደብ፣ ጋሕ-ጋሕ ንጉሆ ናብ በረኻታት ማይ-ሓባርን ዓለን ምዉራድ እዩ ዝጽበየና ዝነበረ። ‹ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ› ብዝኾነ ይኹን ተኣምር ከይተቐርመመን ከይተሸርመመን without any problem ንቦትኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ልክዕ ከም’ዛ ቆልዓ ሕድሪ። -እዚ እቲ ብመንግስቲ ኣሜሪካ ዝተኣትወሉ መብጻዓ እዩ ዝነበረ፡ -ንኢሳይያስ። ኣብ’ቲ እዋን እቲ ኣስመራ ኣብ’ቶም ኣርባዕተ ብሎኮታታ ጽዑቕ ዝኾነ ተፍትሽ ይግበር ስለዝነበረን፡ እሞ ድማ ‹ንተጋ/ ኢሳይያስ› ዝኣክል ኣብ መኪና ጽዒንካ በቶም ብሎኮታት በሲዕካ ንምዉጻእ ኣዚዩ ኣዚዩ ሓደገኛ ክኸዉን ስለዝኽእልን፡ ‹ብሚስተር-ኮፕላንድ› ኣዚዩ ልዑል ጥንቃቐ ክግበር ነበሮ። ኮነ ድማ፣ ነታ ናተይ ላንድ-ሮቨር ኣብ ቃኘዉ ዓሺግና[ገዲፍና]፡ ንግሆ ረፋድ ናይ ዲፕሎማት ሰሌዳ-ቐጽሪ ዘለዋን፡ ናይ ዳሕረዋይ መስትያታ ብጸሊም መጋረጃ ዝተሸፈነን፡ CADILLAC-ካዲላክ ‘ዝዓይነታ ስራሓት ናይ ኣሜሪካ ዝኾነት መኪና ከምእትዳሎ ገበረ፡ -ሚስተር ኮፕላንድ።

CADILLAC-መኪና ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ..፣ ኣነን..፣ ኮፕላንድን ተወጢሕናያ ብሚስተር-ኮፕላንድ -ባዕሉ- እንዳተመርሐት፡ ኣብ ቅድሚኣ ባንዴራ-ኣሜሪካ እንዳ’ዉለብለበት ካብ ድርኩዑት ቃኘው ብሰላም ወጻና። ብኡ መጠን ልብና ብመጠኑ ህድእ ኢሉልና፡ ኣንፈት-መንገድና ንብሎኮ ባጽዕ ገበርና። ኣብ ብሎኮ ባጽዕ ንወያ’ CADILLAC እቶም ናይ መንግስቲ ኣኽበርቲ ጸጥታ ክንዲ ፍረ-ኣድሪ ትኹን ጽንጽያ ዓይኖም ከየንፈሩለን ከየጕባዕቡዑላን፡ …እኳ ደኣ ኣዚዩ ብዘገርም ክብረት፡ ወተሃደራዊ ሰላምታ እንዳተዋህበናን ሰተተ-ተት ኢልናን ነቲ ብሎኮ ድሕሪ ምሕላፍና፡ ብሓያል ፍጥነት ቅጽበት ኣብ ነፋሲት ኢና ተራኢና። ከድና ቀጸልና… ንየማን ገጽና ተነቐትና… ኣሻብና ድማ ማይ-ሓባር በጻሕና። -ከም’ዛ ነጥቢ። ብድሕር’ዚ ኣነን ‹ሚስተር-ኮፕላንድን› «ንተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ» ናብ'ቶም ኣብ ማይ-ሓባር ክጽበይዎ ዝጸንሑ ብጾቱ ኣረከብናዮ ዎ ተፋነናዮ። መኪናና ተሰቒልና ናብ ሸነኽ ደቀምሓረ ናብ ዝወስድ መንገዲ-ቕጥራን መሪጽና ሂፍፍ እንዳልና ድማ ጉዕዞ ናብ ኣ-ስ-መ-ራ።

▶ኣስመራ ብሰላም ምስኣተና እምበኣር እዮም ነገራት ከም-እሾኽ በለስን ከም ጥልቀት-ዉቅያኖስን ጥንግ-ንግ ኢሎም ዝጸኑሑና። እቲ ምኽንያት ድማ…

ብድሕር'ዚ እቶም ኣሜሪካዉያን፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዉጥናቶም ተግባራዊ ዝገብሉሉ መንገድታት ከም ገዚፍ ዉራይ ተተሓሓዝዎ። በዚ መሰረት ድማ፡ ‹,,,እቲ black-september ዝተባህለ ናይ ፍሊስጤም መዉጽኢ-ሓራ ዉዱብ፡ መጥቃዕትታት ንኽይፍንወልና ስግኣታት ኣሎና!› ብዝብል ጉልባብ፡ ንራእሲ ኣስራተ ካሳ ከም'ቲ ዝድለ ኣእሚኖምን ኣልዚቦምን፡-

➦ ነቲ ካብ ሃገሮም...፣
➦ ነቲ በቶም ኣኽበርቲ-ጸጥታ ኣብ ፎቕድኡ ቦታታት ተቐቢሩ ዝጸንሐ'ሞ ብወሓላሉ ሃንደሳታት ተፋሒሩን ኣብ መጋዘናት ተኽሚሩ ንዝነበረን...፣
➦ ከምኡ'ዉን ነቲ ካብ ዝተፈላለዩ ኩናት ንዝተማረኹ ሓያሎ ወተሃደራዊ ናዉትታት...፣

ሽፋፊኖምን ብዓበዩቲ ኤነ-ትረታት ኣጽዒኖምን ብዝግባእ ብምክፍፋል፡ ካብ ጫፍ ሰሜን-ኤርትራ ኪድ ክሳዕ ማእከል ኢትዮጵያ -ሽዋ- ንዘለዉ ደገፍቲ ኣሜሪካ ንዝኾኑ ሓይልታት በብዘለዉዎ ከም-ዝዳለዉን ከም-ዝደላደሉን ገበሩዎም። ግዜ ከይወሰዱ ድማ ነቲ ‹ኣብ-ምብራቕዉን ኣብ-ምዕራባዉን ቆላታት ኤርትራ ክብድ ዝበለ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ንምክያድ...› ዝብል መደቦም ንምስኻዕ፡ ካብ ማእከል -ሽዋ- ዝተበገሰ ቁጽሩ ኣዚዩ ብርክት ዝበለ ደባይ-ተዋጋኢ ኣሃዱ ከምዝመጽእ ገበሩ። እቶም ኣሜሪካዉያን ኣብ ክፍለ-ሃገር ኤርትራ ‹ኩናት ምዉላዕ› ዝደልዩሉ ምኽንያት፣ ነቲ ብመንገዲ 'ዕልዋ-መንግስቲ' ኣቢሎም ኣብ ዉሽጢ ኢትዮጵያ ሓደ ስንኩቃን ዘይርጡብን መንግስቲ ንኽፈጥሩ ዘኽእሎም ‹እቲ ናይ መጀመርያ ቅድመ-ኩነት› እዩ ኢሎም መዲቦምዎ ስለዝነበሩ እዩ። -ነቲ ኩናት።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንዳሃለወ እንከሎ ግን . . .

እቶም ኣብ መዓስከር ቃኘዉ ምስ ተጋ/ ሃብተስላሰ ገብረመድህንን ምስ ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ዝተገብሩ ርክባትን ዝርርባትን -ብሙሉኦም-፡ ብስዉር ብቴኘን ብኣሳእልን ተቐሪጾም 'ከም ልዑል-ሚስጢራት' ሶሊኾም ሓሊፎም ስለዝነበሩ፡ ብየካቲት 1970 ዓ.ም እቲ ኹሉ ናይ ዝርርቦም ፍረ-ነገሩ ኣብ ጽሑፍ ሰፊሩን...፡ እቶም ኣሳእል ብጥንቃቐ ተዓቂቦምን...፡ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ናይ'ቲ ናይ ኣስራተ ካሳ ሰላዩ ዝነበረ ‹ሚስተር ግለንቦየት› ዝተባህለ ኣሜሪካዊ ተታሕዙ'ሞ፡ ወያ' ሚስተር ከምዘለዎም ነቶም ሰነዳት ንኣስራተ ካሳ ኣረከቦም።

ኣብ'ዚ እምበኣር እዩ እቲ ነገር ሕጂ...!

ናይ'ዞም ሚስጢራት እዚኦም ምስላኹ ንዓይ (ንተስፋሚካኤል ጆርጆ) እዉን ኣይነሓፉለይን፣ ካብ ደቀምሓረ ብህጹጽ ተጸዊዐ ኣስመራ ደበኽ ክብል ከምዘለኒ እዩም ገይሮሙኒ። -ናብ ቤት-ጽሕፈት ኣስራተ ካሳ። ራእሲ ኣስራተ ካሳ ንርክባት ናይ ተጋ/ ሃብተስላሰ ገብረመድህንን ናይ ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ምስ'ቶም ኣሜሪካዉያን ናይ ዝምልከት፡ ኣነ ብጥብቂ ብሓላፍነት ከምዝሕተተሉ ብዘስምዕ መግናሕቲ ብዝተሓወሶ ኣዘራርባ ኣዋጠሩኒ።

ኣነ ብወገነይ ድማ. . .!

«,,,ክቡር ኣስራተ ካሳ! ነዞም ኣሜሪካዉያን እዚኦም ከምዝማእምኦም ገይሮም ካብ-ከተማታት ክሳዕ-ገጠራት ንኽንቀሳቐሱ ባዕልኹም[መንግስቲ] ዶኸይኮንኩም ፈቒድኩምሎም?፣ እዚ ገይርኩም እንከተብቅዑ፡ ሰራዉራቶም ኣብ መላእ ጨናፍራት ናይ'ዛ ሃገር ምዝርግሑምን ካልእን ከመይ'ቢሉ እዩ ንዓይ ክምልከት ዝኽእል?። ነዚ ጉዳይ ኣነ ክሕተተሉ ብጥርሽ ቅኑዕ ኣይኮነን» ብምባል ኣምሪረ ገለጽኩሎም።

ኣስዒበ'ዉን ...!

«...ኣነ ከም ኣማሓዳሪ ናይ ወረዳ ደቀምሓረ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ'ቲ ባዕልኹም[መንግስቲ] ዘቑሞኩምዎ «ናይ ሰላም ጉባኤ» ዝበሃል ኮሚቴ ተወካሊ'ዉን ስለዝኾንኩ፣ ኣብ በረኻታት ዓላን ከባቢኡን ንዝካየዱ ምንቅስቓሳት - ኩሎም- ብቑጥታ ናይ ምክትታል ሓላፍነት'ዉን ከምዝነበረኒኸ ከመይ ክዝንጋዕ ይከኣል...?»።

ራእሲ ኣስራተ ካሳ ነዚኹሉ ብጽሞና ክሰምዑኒ ድሕሪ ምጽናሕ . . .!

እቲ ተሃን ናይ ሰይጣኖም ብኡ-ንብኡ ከሸሽ ኢሉ ክሕረድ እንከሎ ተዓዘብኩ። ዕርፍ.. ህድእ.. ድማ በሉ። ብድሕር'ዚ፣ ነቲ ከቕለዉልዎም ዝጸንሐ ሃለ'ት ገዲፎም፡ እኳደኣ ነዚ ኹነታት እዚ ብምስጢር እንዳተኽታተልኩ መዓልታዊ ጸብጻበይ እርዩ-ቁጽር ኣቢለ ንኽመሓላልፈሎም እዮም -ተወሳኺ ሓድሽ መዝነት- ዝሃቡኒ።

እዚ ኩነታት እዚ ሓያለ ከይሰጎመ እንከሎ ግን፡ እቲ ኣስራተ ካሳ ዝወጠንዎ ‹ናይ መጻኢ ዉዲት› ተቓሊዑን...፣ ብመልክዕ መረ ኣበየ-ኩርናዓት ናይ'ታ ሃገር ክጋዋሕን ስለዝጀመረ...፣ ነቲ ዝተፈጥረ ሓርጎጽ-ጎጻት ንምህዳእ ክብሉ ከም እንደገና ኣነ ተጸዊዐ ከምዝእሰርን...፣ ብወንጀል ከምዝኽሰስን...፣ ገበረ። -ኮታ' ኣነ ግዳይ ናይ'ቲ ፍጻመ ከምዝኾዉን ተገብረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ራእሲ ኣስራተ ካሳ ስሞም፣ ዝናኦምን፣ ክብሮምን፣ ንምዕቃብ ክብሉ ነቶም ብሚስጢር ዝራኽብዎም ዝነበሩ ‹ናይ ዓላ ተገንጸልቲ› ብወተሃደራዊ ሓይሊ ከምዝምለሱ ገበረ። ጉዳይ ቀጻሊ ርክባት ናይ'ቶም ኣሜሪካዉያን...፣ መንግስቲ ኢትዮጵያን...፣ ተገንጸልትን...፣ ድማ ብኽምዚ ተኾልፈ።
-/-

ክቡራንን ክቡራትን ኣንበብቲ . . .!

ካብ'ዚ ንነጀዉ ክገልጾም ዝደሊ፡ ነቶም ...ሽሕ'ኳ ካብ 1981 ዓ.ም ንደሓር ኣነ ብቑጥታ ብኣካል ዘይተሳተፍኩዎም ርክባትን ፍጻመታትን ይኹኑ'ምበር፡ እንተኾነ ግን፣ ብጭቡጥ ‹እቶም ተገንጸልቲ ኣባላት› ዝነገሩንን፡ ኣነ'ዉን ብዓቕመይ ዝገበርክዎም ምክትታላትን ምርኩስ ብምግባር፡ ብድሕሪ እዚ ግዜ'ዚ ኣብ'ቶም

ተገንጸልቲ ንዝተራእዩ ዉዱዕ-ኩነታትን ፍጻመታትን ከም’ዚ ዝስዕብ ገይረ ክዝርዝሮም እየ።

ንቐጽል . . .!

ኣብ ኤርትራ[ኣብ’ቲ ናይ ቃልሲ ሜዳ] ካብ 1970 – 1972 ዓ.ም፡ ‹ጉጅለ-ጀብሃ›፣ ‹ጉጅለ-ዑበል›፣ ‹ጉጅለ ህዝባዊ-ሓይልታትን›፣ ‹ጉጅለ ሰልፊ- ናጽነትን›፣ ዝበሃሉ ሓይልታት እዮም ዝነበሩ። ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ኣብ 1972 ዓ.ም ናይ መጀመርያ (ቀዳማይ-ጉባኤ) ኣብ ዝገበረሉ እዋን፡ ነቶም ካልኦት ሰለስተ ጉጅለ ሓይልታት ዝጸንበረ ስለዘይነበረ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቲ ‹ናይ ጉጅለ-ጀብሃ› መምርሒታት እዉን ክቕበልዎ ብዘይምኽኣሎም፡ ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ወተሃኗራዊ ኩናት ኣሳዊሮም ረመጽ ብምኽዓዉ ዛንታ ክገብርዎም ወሰኑ። እዞም ‹ብጉጅለ-ጀብሃ› ንሕልፈት ዝተፈርዱ ሰለስተ ሓይልታት እዚኦም ድማ፡ ሓድ-ሕዶም ብቒምን ጽልእን ኣፍንጫ ሕድ-ሕድ ምንድዳፍን ምክርፋስን ሓዲጎም፡ በ’ንጻሩ ሓደ ስሙር-ግንባር ብምፍጣር፡ ብሓባር ኮይኖም ‹ንጉጅለ-ጀብሃ› ክዘብጡዎምን፣ ነበ’ር ክገብሩዎምን፣ ዘገድዶም ነጥብታትን ኩነታትን ነበሩዎም።

እቲ ናይ ሓድነቶም ቑንቁኛ ከም’ዚ እዩ ዝነበረ . . .!

ምስ ‹ህዝባዊ-ሓይልታት› ዝነበሩ ናይ ዑስማን-ሳልሕ-ሳበ ወገናት መብዝሕቶም ናይ ምስልምና እምነት ተኸተልቲ ብምንባሮም፡ ካብ ሃገራት-ኣዕራብ እዚ ዘይበሃል ዘይተኣኗነ ወተሃኗራዊ መሳርሒታትን ገንዘብ እዉን እንተኾነ ብጥሪኡን ሓገዛት ይረኽቡ ነበሩ። እዚ ኾይኑ እንከብቅዕ ግን፡ እቲ ኣብኦም ዝነበረ ድኹም ጎድኒ ‹እኹል ብዝሒ ዓቕሚ-ሰብ ዘይምህላዎም› ወይ ‹ክረኽቡ ይኽእሉ ስለዘይነበሩ› እዩ። ኣብ’ቲ እዋን እቲ ብቒዕን ብዝሒን ናይ ሰብ ሓይሊ ኣጠራቒሙ ዝነበረ ጉጅለ እቲ ብተጋ/ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝምራሕ ‹ሰልፊ-ናጽነት› እዩ ዝነበረ።

እምበኣርከስ . . .!
✔እቲ ካብ ወጻኢ ሃገራት[ካብ ሃገራት-ኣዕራብ] ዝረኽቦ ዝነበረ ሓገዛት ብዘይ እኹል ዓቕሚ-ሰብ ምንም ክቢቈጠሉ ከምዘይክእል ዝተረድኡ፡ ዑስማን-ሳልሕ-ሳበን…፣

✔እቲ ብዝሒ-ሰብ ብዘይ ወተሃኗራዊ መሳርሒ ምንም ክፍዱድ ከምዘይክእል ዝተሰወጦ፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን…፣

▶በብሲያሳኦም[በብጕርሑም] ቃልሲ ንልፍንቲ ከካዱድዎ ተሰማሙዑ።

‹ጉጅለ-ጀብሃ› ኣብ 1972 ዓ.ም ‹ንጉጅለ ህዝባዊ-ሓይልታትን› ‹ንጉጅለ-ዑበልን› ንኽትደማስሶም መጠነ-ሰፊሕ መጥቃዕቲ ስለዝፈነወትሎምን፡ ብኡኡ መንጽር ድማ ናይ ክልቲኣቶም ጉጅለ ኣባላት ፋሕ-ጭንግራሕ ኣትይዎም ካብ ድርኩኹት መረት-ሳሕል ተቦርቑቑዎም ‹እግረይ ኣዉጽኒ…!› ኢሎም ንኽሰላ ብምእታዉ ህጣሞም ጠፊኡ ነይሩ እዩ። ኣብ’ዛ ግዜ እዚኣ እቲ ኣብ ሳሕል ደዉ ኢሉ ተሪፉ ዝነበረ ጉጅለ እቲ ብተጋ/ኢሳይያስ ዝምራሕ ‹ጉጅለ ሰልፊ-ናጽነት› ክኸዉን

እንከሎ፣ ናይ ‹ጉጅለ-ዑበል›፣ ‹ናይ ጉጅለ ህ-ሓይልታትን›፣ ‹ናይ ሰልፊ ናጽነትን›፣ መራሕቲ ኣባላት ‹ንናይ ጉጅለ-ጀብሃ› መጥቃዕትታት ንምምካት ዝዓለመ ኣኼባ ኣብ -በይረት- ኣብ 1973 ዓ.ም ብምእካብ፡ ናይ ሓባር ግንባር United-Front ብምምስራትን፡ «ሻዕቢያ» ዝብል ስያመ ብምሃብን ብሓባር ኮይኖም ነቲ ናይ ቃልሲ ምንቅስቓሳቶም ዳግማይ ብሓዲሽ ናይ ዉህደት መልክዕ ደርዕዎ።

ደሃይ ‹ናይ ጉጅለ-ዑበል . . .›!

እቲ ኣብ መንጎ ተወለድቲ ደቂ-ሰምሃርን ኣብ መንጎ ተወለድቲ ደቂ-ማርያን[ኣባላት ዑበል ነበ’ር] ዝነበሮም ሕዱር ምትህልላኽም ሰማይ ዓሪጉ ስለዝነበረ፡ ኣብ 1974 ዓ.ም ‹ጉጅለ-ዑበል› ሃጽ ኢሎም ካብ ሻዕቢያ ብምንዳል ናብ ባርካ ገጾም ኣቢሎም ክጓዓዙ ክብሉ እንከለዉ፡ ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ተርግእ ገይራ ብምጽናሕ ኣርኪባ ስለዝለሓሰቶም በዚ ኣገባብ ‹ጉጅለ-ዑበል› ዛንታ ኾይኑ እዩ። ...ኣኽለ!

ንቐጽል ምስ ሻዕብያ . . .!

ሻዕብያ ንዑስማን-ሳልሕ-ሳበ ‹ናይ ወጻኢ-ጉዳያት-ሓላፊ› ኮይኑ ንኽሰርሕ ብምስምማዕ፡ ‹ንጉጅለ ጀብሃ› ንሓንሳእን ንሓዋሩን ካብ ገጽ ምድሪ-ኤርትራ ሓግሒንም ንምጕሓፎም ሱባኤ ኣተዉ። ቀጽበት ድማ ናይ ኩናት ነጋሪት ተደሰቐ...! ዎ እቲ ኩናት ኣብ ኩሉ ማኣዝናት ተባረዐ...!። እቲ ዝተተለመ ኩናት ብግብሪ ድሕሪ ምብራዑ፡ እቲ ኩናት ሓድ-ሕድ እንዳጸንከረ ኸደ። ‹ጉጅለ-ጀብሃ› እቲ ቐድሚ ሕጂ ዝጭብጥዎ ዝነበሩ ናይ ኩናት ዓወታት ከም ቡቐ-ቡቐ ሓመድ በኒኑ ተዘርወ። መብዝሕቱ ኣባል ‹ናይ ጉጅለ-ጀብሃ› እንዳተፈለጦ ሕልናኡ ዕርብ በሎ።

ሻዕቢያን ናይ ዓወት ሚስጢሮምን . . .!

ናይ ሻዕቢያ ናይ ዓወቶም ምስጢር ዝነበረ፡ ምልምል ኣጓብዝ ካብ ከበሳታት ብብዝሒ ናብኦም ይስለፉ ብምንባሮም ኮይኑ፡ ከም ዉድብ ብኹለ’ንትንኦም ገጥ ክብሉ ስለዝጀመሩ እዩ። ደረም ‹ጉጅለ-ሻዕቢያ› ብመንገዲ እቲ ናይ ወጻኢ ጉዳያቶም ዝነበረ ዑስማን-ሳልሕ-ሳበ ክሳዕ ዓንቀሮም ወተሃደራዊ ዕጥቂ ሰኒቑም ተደላደሉ። ከም’ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ነቲ ዝፍነዎም ዝነበረ መጥቃዕትታት ብጥርሽ ክጻወርዎ ኣይከኣሉን ጥራይ ዘይኮነ...፡ ሙሉእ-ብሙሉእ እዮም ኣላሽ ኢሎም። ህላወኦም ታሪኽ ኮነ...! ዎ መዝገቦም ኣብ’ዚ ተዓጽወ። እንተኾነ ግን ሻዕቢያ ብመንጽር እቲ ኹሉ ዝጓናጸፉዎ ዝነበሩ ዓወታት፡ እቲ ንግዚኡ ተደጕሉ ፈኽም ዝብል ዝነበረን፡ ንኽትኮስ ግዜ ጥራይ ዝጽበይ ዝነበረን ናይ ሓድ-ሕዶም - ቅርሕንቲ- ክነቱግ ጀመረ።

ንሱ ድማ እንታይ እዩ . . .!

እቶም ናይ ሓድነት ግንባር ወይ ሓይሊ ኣቈሞም ዝቃለሱ ዝነበሩ ...ማለት ‹ህዝባዊ-ሓይልታትን› ‹ሰልፊ ናጽነትን› [ብድምር ሻዕቢያ ምኺኖም እዩ] ሓቢሮም እንዳሰሩሑ እንከለዉ ኣብ 1973/74 ዓ.ም እቲ ‹ብመንካዕ› ዝፍለጥ ምንቅስቓስ ኣብ

ሜዳ-ኤርትራ ምል'ዓሉ እዩ። እዚ ‹ብስም መንካዕ› ዝፍለጥ ምንቅስቓስ እዚ ዘገም እንዳለ ኣብ ሜዳ-ኤርትራ ኣስጋኢ ኩነታት ክፈጥር ጀመረ።

እዚ'ንታይ ማለት እዩ . . .!

ኣብ ሓደ እዋን እቶም ኣባላት ምንቅስቓስ ‹ጉጅለ-መንካዕ› ዓሰርተ-ሓደ ነጥብታት ዝሓዘሉ በዳህቲ ሕቶታት ሒዞም ምስ'ቶም ናይ'ቲ ግንባር መራሕቲ ምስ ዝነበሩ፦

ምስ . . .
√ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ
√ተጋ/ ሰለሙን ወልደማርያም
√ተጋ/ መስፍን ሓጎስ
√ተጋ/ ተወልደ ኢዮብን
√ምስ ተጋ/ ኣስመሮምን ፊተ-ፊት ተፋጠጡ።

ካብ'ቶም 'እቲ ግዜ ዝጠልቦምን' 'በዳህቲን' ዝኾኑ ዴሞክራሲያዉያን ሕቶታት ናይ ኣባላት ‹ጉጅለ-መንካዕ› ድማ፦

➦ ሓፋሽ ተጋዳላይ ብመራሕቱ ኣይበደል...!
➦ ሃገራዊ ዴሞክራሲያዊ ፕሮግራም ብመልክዕ ኣዋጅ ይተኣወጅ...!
➦ ናይ'ዚ ዉዱብ ጉባኤ ብህጹጽ ተገይሩ፣ ሓፋሽ ተጋዳላይ ብዴሞክራሲያዉን ብናጻን ኣገባብ መራሕቱ ይምረጽ...!
➦ ኣብ'ዚ ዉዱብ እዚ ገኒኑ ዝርአ ዘሎ ናይ ወተሃደራዊ መራሕቲ ‹ምልኪ› ይጥፋእ...!
➦ ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብሒቱ ሒዝዎም ዘሎ ዘይተኣደኑ ስልጣናት ቅኑዕ ኣገባብ ስለዘይኮነ፣ ንኻልኦት ኣባላት ብማዕረ ከማቓርሑም ኣለዎ...!
➦ እቲ ብኽፍሊ-ጸጥታ ዝፍለጥ ቤት-ማእሰርቲ፣ ኣብ ልዕሊ እሱራት ተጋደልቲ ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዒታት ካብ ዓቐኑ ዝሓለፈ ስለዝኾነ መግትኢ ክግበረሉን፣ ካብ'ቲ ዝገብሮ ዘሎ ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት ብህጹጽ ክቈጠብን...፣ ዝብሉን ካልኦትን ይርከብዎም።

ነዞም ኣባላት ‹ጉጅለ-መንካዕ› ዘልዓልዎም መሰረታዉያን ዴሞክራሲያዉያን ሕቶታት፣ ብሙሉኦም እቶም ተጋደልቲ ክድግፉዎ እንከለዉ፣ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ግን ብሰሪ' እቲ ፊገን ባህሪኡን...፣ እቲ ዘይቕኑዕ ዕላማኡ ስለዘየፍቐደሉን...፣ ነቲ ምንቅስቓስ ንብሕቱ ተቓወሞ።

ጉዳይ ከደ ቐጸለ . . .!

ኣባላት ‹ጉጅለ-መንካዕ› ነዞም ሕቶታት እዚኦም ብድሕሪ ምንቃሎም፣ ነቲ ናይ'ቲ ዉድብ ስልጣን ንኣስታት ዓሰርተ መዓልታት ተቐጻጺሮም ብሒቶም ብምሓዝ፣ ሓይሎምን ዝርግሐ ሓሳባቶምን ከደላድሉ ጸዓሩ። ኢሳይያስን ደቀ-መዛምርቱን ግን ነቶም ኣባላት ‹ጉጅለ-መንካዕ› ዘልዓልዎም መሰረታዉያን ዴሞክራሲያዉያን

ሕቶታትን ካልእን ብፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ገጢሞም ከእምንዎም...፣ ክምክትዎምን...፣ ክስዕርዎምን...፣ ስለዘይከኣሉ ወይ'ዉን ስለዘይክእሉ፡ ብሒጓ ተተጠዉዮም ናብ'ቶም ሓፋሽ ተጋደልቲ እንዳኽዱ፡ እቲ ድሑርን ዉዱቕን ዝኾነ ናይ ዘበነ-ኦሪት ኣተሓሳስባ ተጠቒሞም ...ማለት ‹ከፋፊልካ ግዛእ› ብዝብል መርዛም ቑንቑኛ ከም-ስልቲ ተጠቒሞም

➤ ‹,,,ኢሂ'ባ፣ ነዚ ከይትስዕብዎ መጣቕዒ ሓማሴነታይ እዩ...!›
➤ ‹,,,ኢሂ'ባ፣ ነቲ ኣይትስምዕዎ ወገናዊ ኣከለጉዘታይ እዩ...!›
➤‹,,,ኢሂ'ባ እዚ ኣስላማይ እዩ...!›

እንዳበሉ ኣብ መንጎ እቲ ኹሉ ኣባል ተጋዳላይ እሳት ብምስኳዕ፡ እቲ መስኪን ተጋዳላይ ሓድ-ሕዱ ከምዝበላላዕ ብምግባር፡ ነቲ ‹ብኣባላት መንካዕ› ዝተጀመረ ምንቅስቓስ ከበርዕንዎ ተጻየዩ።

እቶም ነቲ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ ዝመርሑ ዝነበሩ ኣባላት[እቶም ኣብ ቅድሚት ዝረኣዩ መራሕቲ] ከም-ኣጋጣሚ መብዝሕቶም ደቂ-ኣከለጉዛይ ብምንባሮም፡ በዓል ኢሳይያስ [ብፍላዩ'ኳ ኢሳይያስ] ዳሳ ከምዝጠዓመላ መኣምን ፈደስ-ደስ ክብልን ነዚኣ ጉልባብ ተጠቒሙ ረመጽ ከሳዉርን ተራእየ። ነታ ነገር ከም'ዛ ጋዓት ጥዉዩ ኣቢሉ ድማ ‹,,,እዚ ናይ መንካዕ ምንቅስቓስ እዚ ኣብ መንጎ ተወለድቲ ደቂ-ኣከለጉዛይን ኣብ መንጎ ተወለድቲ ደቂ-ሓማሴንን ንዘሎ ሕዱር-ቅርሕንቲ ምኽንያት ብምግባር -ጥራይ- ዝተስአ እዩ› እንዳበለ ነቲ መርዛም መናዉራታቱ በቶም እሙናት ተርሳኺት ዋህዮታቱ ኣቢሉ ብሰፊሑ ኣብ ኩሉ ግንባራት ምንዛሕ ተተሓሓዘ።

ስለዝኾነ...!

ንቕሓት-ኣልቦ ዝኾነ ሰራዊት ድማ፡ ናይ ከም በዓል ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝኣመሰሉ መድሓርሓርቲ መሳርሒ ካብ ምኺን ሓሊፉ ክፍዩዶ ዝኽእል ነገር ስለዘይብሉ፡ ብሓፈሻኡ መብዛሕቱ ተጋዳላይ፡ ብፍላዩ ድማ እቶም ተወለድቲ ደቂ-ሓማሴን ዝኾኑ[ደቂ-ሓረስቶት] ነቲ ዕረ ናይ ኢሳይያስ ንምጭላጡ ድሉዋት ክኾኑ ባህርያዊ ስለዝነበረ፡ ኣንቃዕሪሮም ጭልጥ ኣቢሎም መዓጉዎ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ሓይሊ-ሚዛን ናብ'ቲ ጸረ-ዴሞክራሲ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣዘንበለ። ኮታ' ፕሮፖጋንዳኡ ተኣማንነት ረኸበ።

ብኽምኒ ዝኣመሰለ ተንኮላዊ ዉዲት እዩ . . .!

እቲ ካብ ሓላፍነቱ ወሪዱን ተባሪሩን ኣብ ፈቐዶ ትሕቲ ኣግራብ ዝዉዕል ዝነበረ ‹ተጋ/ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ› ኾር-ተገልበጥ ኮይኑ ነገር ኣብ ሓደ ረፍዲ ከም ብራቕ-ጸሓይ ቦጣዕ-ጣዕ ኢሉ ብምምጻእ ኣብ ስልጣን ዝተኾየጠ። ካብ'ዚ እዋን እዚ ንደሓር ብሙሉኡ እቲ ግንባርን ኣባላቱን ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ምቁጽጻርን፡ መርበብ ጽዑቕ ስለያን ‹ናይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ› ኣተወ። ኣብ መጠረሽትኡ፣ ነቶም ነቲ ሕቶታት ዘንቀሉ ‹መራሕቲ ኣባላት መንካዕ› እዩ ዳጕኑዎም።

ብድሕሪኦም‘ዉን ከም እኒ በዓል
√ተወልደ
√ሙሴ
√ዮሃንስ
√ጎይቶምን ካልኦትን... ከምዝርሸኑ ገበረ።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ በቲ ኣብ ልዕሊ ስዒኣት ‹ኣባላት መንካዕ› ዝገበሮ ናይ ታሪኽ ሓተላ ዝኾነ ተግባር ኣይሰኽነንን። ዋላ ምስተሰዒኡ‘ዉን እንተኾነ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ዘለዎ ክቱር ጽልኢ ኣመና ንምግላጽን፡ ኣሰሮም ንኽይተርፍን ኢሉ ነቲ ካብ ከብሕታቶም ፈቲሾም ዝረኸቡሎም ‹ንገስጋሲ ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ› ዝሕግዙ፡ ብፍላዩ ብጻይ ጎይቶኦም ካብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ዓለም ናብ ትግርኛ ብምትርጓም ኣዳሊዎም ንዝነበረ መጻሓፍትን ካልእን ኣቃጺሉ ናብ ሓኹሙሽቲ ቀየሮም።

ኢሳይያስ ኣብ’ዚ ጥራይ’ዉን ኣይተሓጽረን . . .!

➦ ዝኾነ ይኹን ተጋዳላይ ካብ ናጻ ምንቅስቓስ ተሓረመ...፣
➦ ምጽሓፍ ተሓረመ...፣
➦ ንሓለፍቱ ብቕሉዕ ምንቃፍ ተሓረመ...፣
➦ ዝኾነ ይኹን ተጋዳላይ፡ ብፍላይ ‹እቶም ኣባላት መሪሕነት› ካብ ናይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ስነ-ሓሳባት ፍንትት ዝበለ ኣረኣእያ ምስዝህልዎም፡ ማዕጾ ሓለዋ-ሰውራ ኣፋ ሃህህህ ኣቢላ ከፊታ ብዕልልታ ከምእትጽበዮም ገበረ...፣
➦ ዉዱብ ብምልእታ ኣብ ትሕቲ ትእዛዙን ቡራኬኡን ኣትያ፡ ነቲ ምልኪ ኣሃዱ ኢላ ብምቁዳስ ንኹላ ደቂ-ኣዳም ጸጥጥጥ ረጭጭጭ ኣበላ...፣
➦ ኮታ’ ኣብ’ቲ ምእእ ዉድብ ዝርእን ዝጭበጥን ዉዱእ ዝኾነ ‹ወተሃደራዊ ምልኪ› ከምዝነግስ ገበረ...!
➦ ‹,,,ምንቅስቓስ ናይ መንካዕ ናይ ኢትዮጵያ ሰለዪቲ እዮም...!›፣
➦ ‹,,,ምንቅስቓስ ናይ መንካዕ ናይ ሲ-ኣይ-ኤ ወርጠበታት እዮም...!› ብዝብል ጉልባብ፡ ብዙሓት ዴሞክራት ዝኾኑ ምሁራቶም ብዘስካሕክሕ ኣገባብ ቐንጸሎም። ካብ’ዚ ንደሓር ዉሽሽ ኢሉ ዝምልሰሉ ተሳእነ። ዋላ'ዉን እቲ ‹,,,ኣነ ሰብኣይ እየ!› ኢሉ ዝምካሕ ዝነበረ ተጋዳላይ ቑሊሕ ኢሉ ከምዘይጥምቶን፡ እቲ ንጹር ሓሳባቱ ክዛረብን ወይ ክቃወምን-ሲ ይትረፍ፡ ኣብ ብሙሉኡ እቲ ዉድብ ናይ ፍርሒን፡ ናይ ሓድ-ሕድካ ምጥርጣርን ድባብ ነገሰ።

➦ ተወላዶ ናይ ኣዉራጃ ሓማሴን ዝኾኑ ክልተ ካብ ኣባላት «ጉጅለ-መንካዕ»
✔ ተጋ/ ስብሓት ኤፍረምን
✔ተጋ/ ጴጥሮስ ሰለሙንን

ካብ’ቲ መትከል ‹ናይ ጉጅለ-መንካዕ› ቀልጢፎም ኣንዘላሒጦም ዘርባዕ-ባዕ ኢሎም ኢዶም ንኢሳይያስ ሂቦም ስለዝነበሩ፡ ካብ እሱር-ቤት ከምዝወጹ ተገብረ’ሞ፡ እቲ ምንቅስቓስ ‹ናይ ጉጅለ- መንካዕ› ናይ ተወላዶ 'ደቂ-ኣከለጉዛይ' -ጥራይ- ምንባሩ፡

ብልሳን ናይ'ቶም መሪሕነቶም[ናይ መንካዕ] ተነፂፉዎም ከምዝነበረ ኣምሲልካ ድማ ኣብ'ቲ ሰራዊት ቀሪቦም ከምኡ ዝብል ቃሎም ከምዝህቡን ተደቢሮም ይቕረታ ከምዝሓቱን ተገብረ። -ብመልክዕ ጎስጓስ ምኺኑ እዩ።

ካልእ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ . . .!

እቶም ልኡማት ኣሳሰዩቱ [ካብ ኣባላት ማ-ሽማግለ] ብመንገዲ እቲ ካብ ሬዲዮ ድምጺ-ሓፋሽ ንላዕሊ ብሰንጣቒት ቀዲሙ ኣብ ከበሮ ኣእዛን ናይ ኩሉ ተጋዳላይ ዝበጽሕ...፡ በቲ ‹ብ03› ዝፍለጥ ናይ ወረ መሰራጨዊ ማዕከኖም ኣቢሎም፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሕልፊ-ሰቡ ጅግና...! ንጹህን...! ኮታ' ብጹእ ከምዝኾነን...! ገይሮም መናጨራታት ክነዝሑ ጀመረ። እዚ ኸም'ዚ ኢሉ እንዳኸደ እንከሎ፡ ነቲ ዕሽነት ሳዕሪርዎ ኣጕል-ትብዓት ሰኒቑ መልሓሱ ክኸፍት ንዝኻኣለን፡ ነቲ ‹ምሁር እየ...!› በሃሊን ድማ፡ ኢሳይያስ በቲ መርዛም ሜላኡ ኣቢሉ ነቶም ሰባት ምስ'ቶም ምንም ዘይፈልጡ ደቂ-ሓረስቶት ተጋደልቲ ንምቅርሓን ‹,,,እዚኦም ብናይ ንኡስ-ብርጁዋ ስምዒታት ዝተጠቕዑ ኣድሓርሓርቲ እዮም› እንዳበለ እንዳ'ጋጨወን እንዳ'ገራጨወን፡ እቲ ሰራዊት ሓድ-ሕዱ ተጓዛዚዩ...፣ ተፈራሪሁን...፣ ንዑኡ ጥራይ ከምዘምልኽን...፣ ስለዝገበረ፡ ናይ ኢሳይያስ ዝና' ካብ-ጻት ናብ-ጻት ምድረ-ሳሕል ልሒሙ ናሕሲ ተወጠሐ።

ካብ'ዚ ንደሓር . . .!

...ካብ'ዚ ንደሓር ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፣ ነቲ ኣብ ስልጣን ክወዳደሮ ዝኽእል ኣካል ሸዉዓተ-ማዓሙቕ ስለዝደቕደቕ፡ ኣብ-መንነኡን ኣብ-መንነ እቶም ኣብ-ትሕቲኡ ተሪፎም ዝነበሩን [ኡኡማት ኣባላት መሪሕነትን] ዝነበረ ናይ ስልጣን ጋግ ካብ ምዕቃን፡ ...ንቦ ደንደን ምፍራስ ዝቐልል ኮነ። ኮታ' ሰማዩን መረትን...።

እቶም ቀደም ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት[ቅድሚ ምእሳርን መስዋእትን ኣባላት መንካዕ ማለት እዩ] ብሙሉኦም ኣብ ሓድ-ሕዶም ዝነበሮም ሃጓፋት [ብፍላዩ ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስ ዝነበረ ድኽመት] ከም'ዛ ኣጻብዕቶም ስለዝፈልጥዎ፡ ንኢሳይያስ ዝእዘዝ ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። እንተኾነ ግን፣ እቲ «ዒም ዝበለ ይተሓጎም...!» 'ዝጭርሑኡ ኢሳይያስ ንኹላ ኣኽንዲዱ ስለዝወደኣ፡ ብኣምሳዩኦም ነቶም ድኹም ጉድንታቶም ኣጸጽዩ ንዝፈልጦም...፡ ሕሉፍ ሓሊፎም (ብዕንጥሸዉ ምባል ናቱ ከይተረፈ ብዝርዕዱ) ኣባላት መሪሕነት እዩ የማነ-ጸጋሙ መሊእዎም፡ - ኢሳይያስ። እዞም ሰባት እዚኦም ነቲ ኢሳይያስ ክዉንኖ ዝደሊ ‹ናይ ምልኪ ምሕደራ› ምቹእ ዶብዮ-ዓራት ኮይኖም ድማ ኣገልገሎምዎ እዮም። ...ብዘይ ቃል-ዓለም! ፧፧ ኩነታት ብልዕልና ኢሳይያስ ከም'ዚ ኢሉ እንዳቐጸለ እንከሎ፡ እቲ ንኣረሜናዊ ተግባራቱ ዘደራዓሉን ንኢ-ሰብኣዊ መጋብራቱ ዘዉሕሰሉን፡ እቲ ዓቢዩ-ድልድል ናይ ኢሳይያስ ዝኾነ «ቀዳማይ-ዉዱባዊ-ጉባኤ» ድማ ብ1978 ዓ.ም ንኽግበር ተወሰነ። ኮነ ድማ...!

1978 ዓ.ም እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ህ-ግንባር ጉባኤ ተገብረ። እዚ ጉባኤ እዚ፡ ብዘይ ገለ ቡጨቄን...! ብሒም...! ናይ ዝኾነ ይኹን ተራን ሓላፍን ተጋዳላይ ከምዝካየድ

ተገደፉ ስለዝተተለመ፡ እቲ ክስዕብ ዝኽእል ናይ ተቓዉሞታት ድምጺ ትጽቢት 0% እዩ ዝነበረ፡ -ብፍላዩ ብኢሳይያስ...፣ ብሓፈሻ ድማ በቶም ልኡማት ኣሳሰዩቱ ሓለፍቲ...። እቲ ትጽቢት ናይ ኢሳይያስ ሰሚሩሉ ድማ፡ እቲ ጉባኤን እቲ ዉድብን ብድሌትን ዊንታን ናይ ኢሳይያስ ከምዝካየድ ተገደፉ ተሃንጸ።

ከመይ-ሲ...?

እቲ ናይ'ቲ ዉድብ ዋና-ጸሓፊ ብህየቱ እናሃለወ እንከሎ፡ ደረም ናይ'ቲ ዉድብ ስልጣን -ብሙሉኡ- ብምክትል ዋና-ጸሓፊ ከምዝዕመም እዩ ዝተገብረ። [እዚ ማለት ብኢሳይያስ ማለት እዩ]። ኣብ'ዚ ጉባኤ እዚ ዝተመርጹ ኣባላት-ማእከላይ-ሽማግለ ኩሎም 37 ኣባላት እዮም። ኣብ'ዚኦም እዉን እቲ መርዛም ተግባራት ናይ ኢሳይያስ ልሒኹ ብምእታዉ፡ ነቲ እኩዩ ዕላማታቱ ብግቡእ ከሳኻዓሉ ብዝኽእል ኣገባብ፡ ...ማለት እቶም 19 ኣባላት ደቂ-ደግዓ[ከበሳ]፣ እቶም 18 ኣባላት ድማ ደቂ ቀይሕ-ባሕሪ[ደቂ-ሰንምር]፣ ከምዝኾኑ ገደፉ እዩ ዉሽጢ-ዉሽጢ በሲዑ ነቲ ዉዲት ኣሊምዎ።

ስለዝኾነ . . !

➤ኢሳይያስ በቶም ዝተመርጹ ኣባላት-ማእከላይ-ሽማግለ ዝለዓለ ድምጺ ክህልዎ እዩዩዩ ማለት እዩ። ማእከላይ-ሽማግለ ኣብዘይህሉዉሉ ግዜ ነቲ ስራሕ ዘካዩዱ 13 ኣባላት ዘለዉዎም ኣባላት ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ተባሂሎም ድማ ተመሪጾም እዮም።

➤ እዚኦም'ዉን፣ እቶም 7 ኣባላት ደቂ ደግዓ[ከበሳ]፡ እቶም እቶም 6 ኣባላት ድማ ካብ ደቂ ቀይሕ-ባሕሪ[ሰምሃር]፣ ከምዝኾኑ ተገይሮም እዮም ተነዲቑም። ብተወሳኺ፣ እቶም ከም ማእከላይ-ሽማግለ ኾይኖም ዝተመርጹ ኣባላት መብዛሕኦቶም ብቕዓት ሃሊይዎም ኮይኑ ዘይኮነ፡ እንታይ ደኣ፣ በቲ ቕድሚ-ሕጂ ዝገበርዎ ጉድለታት[በቲ ድኹም ጎድኖም] ተመዚኖምን ደረም ፈልከት ክብሉ ከምዘይክእሉ -ብኢሳይያስ ተዓዩሮምን እዮም ኣብ ስልጣን ከምዝመጹ ዝተገብረ።
ንኣብነት . . .!

▶ ተጋ/ ተኽለ ዓንዶም፣
ኣባል ማእከላይ-ሽማግለን ናይ ብርጌድ-76 ናይ ፖለቲካ ኮምሽነርን ኮይኑ እዩ ተመሪጹ። እዚ ሰብ እዚ፣ ኣብ 1970 ዓ.ም ካብ ‹ጉጅለ-ጀብሃ› ኣምሊጡ ናብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢዱ ምስሃበ እዩ፡ ተመሊሱ ኣብ 1972 ዓ.ም ናብ በዓል ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተጸንበረ። ኣብ'ዚ ደዉ ኣይበለን፣ ከም እንደገና ንመንግስቲ እዩ ኢዱ ሂቡ። ተመሊሱ ከምእንደገና ድማ ናብ በዓል ኢሳይያስ ተጸንቢሩ ዝጋደል ዝነበረ ሰብ እዩ።

ስለዝኾነ...!

እዚ ሰብ እዚ ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስ ከም'ዚ ዓይነት ቀልድታት ዝቐለደ ክነሱ፡ ደረም ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስ ፍሕት ወይ ሙዱቑ ኢሉ ክቃወም ኢልካ ብጥርሽ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

▶ ተጋ/ እስቲፋኖስ ስዩምን፣ ተጋ/ ዓንደገርግሽን፣
ናይ ቁጠባን ናይ ሬድዮን ሓለፍቲ እዮም። ክልቲኣቶም ብ1977 ዓ.ም ናብ በዓል ኢሳይያስ ዝተጸንበሩን፡ ብዛዕባ እቲ ቀዳማይ-ዉዱባዊ-ጉባኤ ምንም ኣፍልጦ ዘይነበሮምን -ኣጋዱሽ- እዮም።

ስለዝኾነ...!

መን? እንታይ? ምኺኑ ምንም እንዶ ዘይብሎም ክነሶም፡ ዝልልል ኢሎም ኣብ ስልጣን ምምጽኦም፡ ንዕኦም ድንቂ...! ንኢሳይያስ ድማ ጽድቂ...! እዩ እምበር፡ በዚኦም ክስዕብ ዝኽእል ኣስጋኢ ነገር ክህሉ ይኽእል እዩ ክትብል ናይ ቀትሪ ሕልሚ ምኺኑ እዩ።

▶ ተጋ/ ስብሓት ኤፍረምን፣ ተጋ/ ጴጥሮስ ሰለሙንን፣
ኣባላት ፖለቲካዊ ቤጽ-ጽሕፈት እዮም። ኣቐድም ኣቢሎም ኣብ 1973/74 ዓ.ም ኣብ ምንቅስቓስ ምስ ኣባላት ‹ጉጅለ-መንካዕ› ዝተሳተፉ እዮም። ኮይኑ ግን ቅልጥፍ ኢሎም ብምኽዳዕ ንኢሳይያስ ኢዶም ዝሃቡ እዮም።

ስለዝኾነ...!

እዞም ሰባት እዚኦም ብዝኾነ ይኹን ተኣምር ዳግማይ ኣብ ልዕሊ ኢሳይያስ ክትስኡ ዘይክእሉ ናይ ኣእሙሮ ቅዱዳት እዮም።

▶ እቶም ዝተረፉ ኣባላት. . .!
እቶም ዝተረፉ ከም ማእከላይ-ሽማግለ ኮይኖም ዝተመርጹ ኣባላት፡ ኢሳይያስ ከም ከብዲ ኢዱ ኣንዳዕ-ዲዑ ዝፈልጦምን፡ ኣብ ልዕሊኡ ብሒም! ወይ ዕሕሕሕ! ምስዝብሉ ድማ ‹ንፋለጥ እኮ ኢና...!› እንዳበለ ብደዋም ኣባህሪሩ ዘርባዕ-ባዕ ከብሎም ዝኽእል -ቦቕቢቐት- እዮም።

ስለዝኾነ...!

እዞም ሓላላት እዚኦም ንኢሳይያስ ‹ኦሆይ...!› እንዳሉ ምንባር ጥራይ እዩ ምርጫኦም። -ሓሻካ!።

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነቲ ዉድብ ሕር-ሕራይ ገይሩ ከም ቡን ካብ-መሸረቕረቕ ናብ-ጀበና ድሕሪ ምግምድሑ፡ ብድሕሪ እቲ ጉባኤን፡ እቶም ኣባላት መሪሕነት ማ-ሽማግለን፡ ኣብ ልዑል ዝኾነ ፖለቲካዉን ወተሃደራዉን ዉጥረት እዮም ተጎቢኦም። ንሓንቲ ተራ ንጽል-ወረቐት እዉን ትኹን ከም ሓለፍቲ መጠን ብርእሰ-ተኣማንነት ክኽትሙላ ኣብዘይክእሉ ደረጃ እዮም ዝነበሩ። ብኽም'ዚ ኣገባብ እምበኣር

ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነቲ ኮነ ኢሉ ለይትን ቀትርን ዝጻዓረሉ እከይ-ተግባራቱ ብዓወት እዩ ዛዚሙዎ። ኮታ' እቲ ዉድብ ከምድሌቱ እዩ ኮይኑሉ።
-/-

ካብ'ዚ ንደሓር . . .!

መራሕቲ ሻዕቢያ ተለዋዋጢ ‹ፖለቲካዊ ታክቲካት› ብምትላም እዮም መዓልታዊ መትከላቶም ክለዋውጡ ዝተራእዩ። ‹ታክቲክን ስትራተጂን› ሳይንሳዊ ትርጉምን ዲያሌክቲካዊ ሓድነትን ዘለዎም ስነ-ሓሳባት ክነሶም...፡ መራሕቲ ሻዕቢያ ግን ብፍላዩ ‹ነታ ታክቲክ› ከም ፕላስቲክ ከምዝማእምኦምን ደስ ከምዝበሎምን ክስሕብዋን ክመጣጥዋን ጸኒሖም እዮም።

ንኣብነት. . .!

▶ነቲ ካብ 1973-1976 ዓ.ም ምስ ዑስማን-ሳልሕ-ሳበ ንዝነበሮም ርክብ፡ ስኽኽ ከየሉ ‹,,,ምስ ኣድሓርሓርቲ ዝግበር ‹ፍትዩ ታክቲክ› እዩ ነይሩ›፣ ኢሎም እዮም ዝገልጽዎ።

▶ነቲ ኣብ 1982 ዓ.ም ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ‹,,,ኣነ ኾንኩ ዉድበይ ተኽተልቲ ማርክሲስት ኣይኮንናን!› ኢሉ ንዝሃቦ መደረ፡ <ነታ ታክቲክ> ኣብ'ዚኣ የምጽኣ'ሞ፣ <‹,,,ንናይ ስዑዲ-ዓረብ መንግስቲ ንምሕጓስ -ጥራይ- ዝወሰድክዎ ‹ታክቲክ› እዩ>> ኢልዎ።

▶ ካልእ ሓዲሽ ‹ታክቲክ› ድማ...፣ ምስ ናይ ዒራቕ ‹በዓስ› ዝተባህለ ሰልፊ ዝምድና ዝፈጠርናሉ ምኽንያት፡ ‹,,,ኣብ ኤርትራ ምስዘለዉ ብዑስማን ዓጀብ ምስ ዝምርሑ ጉጅለ ሓድነት ክንፈጥር መታን ከኽእለና እዩ› ክብል ከምኣመሉ በታ ከም ፕላስቲክ ዝመጣጥጣ ‹ታክቲክ› ኣቢሉ መትከሉ ከም ነፋሒቶ እዩ ቀያዱርዎ።
ንምኺኑ . . .!

ኢምፐሪያሊዝም ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ መዕለቢኣ ሲኢና ትጭነቕን ተዕነዱንዱን ከም ዘላ ነፋሪት እንዳዘንበየት እንከላ፡ ጉጅለ ኢሳይያስ መዕለቢ ንክኾንዋ ላዕልን ታሕትን ዝብሉሉ ምኽንያት እንታይ ኮን እዩ ዝኸዉን...?። እዚ ብቑጥታ ናይ ኢምፐሪያሊዝም ‹ባንቡላታት› ምኺኖምዶ ኣየረድኣናን???።

ካልእ . . .!

እቲ ንሶም ‹ታክቲክ› ዝብልዎ ነገር፡ ኣብ ታሪኽ ክሳዕ ክንድ'ዚ ጌጋታት ከፈጽሞም ዝኽእል ዲዩ ነይሩ ብሓቂ?። ‹ታክቲክ› ከም'ዚ እንተኾይኑ እምበኣር፡ ...በዓል ኢሳያስ ጽባሕ-ንግሆ ምስ እስራኤልን ወይ ምስ ደቡብ-ኣፍሪቃ ንዝገብርዎ ዝምድና ድማ ሕጋዊ ኣይኮነን ክብሉናዶ ይኾኑ???።

ብዝኾነ . . .!

ናይ ሻዕቢያ መስተንክራዊ ጉዳት -ሀ ኢልካ ጀሚርካ -ፐ ኢልካ ክትዛዝሞ ዝከኣል ኣይኮነን። ኮታ' ኣዚዩ ኣዚዩ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ።

((ኣብ መጂምጂምታ))
''''''

ዝነበርኩም ሓርበኛታት ተጋደልቲ ኣያታትና] ብቕንዕና ንዝጎደለ ክትምሉሉን ሓሳባትኩም ከተቕርቡን ሙሉእ መሰል ከምዘለኩም ክሕብረኩም ይደሊ።

————————————————————//////////————————————————————

[ካብ ቋንቋ ኣምሓርኛ ተርጕመን፡ ተነባቢ ንምግባሩ ድማ ቃላትን ቅድን ኣጸሓሕፉ ብምምራጽ፡ ዘቕርበልኩም ዘለኹ
ኣማን ብርሃነ
27 ሚያዝያ 2016
ስዊዘርላንድ